# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.15 | ሰንበት 17 መስከረም 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መገዲ ናብ ንስኻ ምኳን


ገጽ 3
ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት


ገጽ 4
በጃኻ ሓባ ስኸር!!


ገጽ 5
ምዕቃብ ማይ ዝናብን ኣጠቓቕማኡን


ገጽ 11
ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል



## ጋሻ-ነፍሒ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ምዝንጋዕ ተወዲቡ



ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሻ-ነፍሒ፡ ነበርቲ ዝዀብን ጸሎት፡ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ9ን 14ን መስከረም ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ገይሮም።

ኣብ'ቲ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት - ዝተረኸቡሉ ኢጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋሻ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንዘተግበሩ ዘለዉ ጅግኑ ሓይልታት ምክልኻል ሞጎሱ ኣመሓላሊፉ።

ህዝቢ ዝውደቦም ዘሎ እንግዶትን ምዝንጋዕን ድማ፡ መርኣያ ሓቡን ደገፉን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣዛዚ ብርጌድ ተለንተ ይብራህ ጨዓይ ብወገኑ፡ ኣብ ሕቖፌ ህዝቦም ማግቻቶም፡ ሃገሮም ንምልማዕን ንምህናጽን ወትሩ ድልዋት ምዃኖም ገሊጹ።

## ዓንሰባ - ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት መስተርሀ ይፈጥሩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብምትሕብባር ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዝህነጹ ዘለዉ ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ነበርቲ ዓቢ መስተርሀ ይፈጥሩ ከምዘለዉ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት ገሊጹ።

ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ'ቲ ዞባ ብኸቦታት ዝተዓብለለ ብምዃኑ፡ ዝህነጹ ናይ ሓመድ ጽርግያታት ክራማት መጺ ብውሕጅ ዝበላሸው'ኳ እንተኾኑ፡ ህዝቢ ብዝወስዶ ተበግሶታት ብቐጻሊ እናተጸገኑ ዝሁብዎ ዘለዉ ኣገልግሎት ዝምስገን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣስማጥ፡ ካብ ዋንኪ ናብ ኦሮታ ዝወስድ 30 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ጽርግያ ሓዊሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ኣብ ንኡስ ዞባታት ዒላበርዕድ፡ ሃብሮን ዓዲተከሌዛንን ብርክት ዝበለ ናይ ሓመድ ጽርግያታት ከምእተሰርሐ፡ ኣቶ ሃይለ ብኣብነት ገሊጹ።

ህዝቢ ስሉጥ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንኽረክብ ብዝዓየድ ዘሎ ጻዕሪ'ውን ዝበዝሓ ንኡስ ዞባታት ተጠቀምቲ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሓራት ኰይነን ምህላወን ጠቒሱ ድማ፡ ህዝቢ ኣብ ምክትታልን ምጽጋንን ናይ'ቲ ጽርግያታት ንዘጉብኦ ዘሎ ኣበርክቶ ሞጎሱ።

ኣብ መጻኢ ክትግበር ንዝተታሕዘ መደባት ብዝምልከት ድማ፡ ኣቶ ሃይለ፡ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብምውህሃድ፡ ካብ ዋሰደንባ ንደቂ-ዓንዱ፣ ካብ ሓሊብመንተል ድማ ንእድርባን ሼሎን ዝወስድ ጽርግያታት ንምስራሕ፡ ከምኡ'ውን ናብ ጉዳም ጸዕዳ-እምባ ዝወስድ መንገዲ ንምሕጻር መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ'ውን፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ሓመልማሎ፡ ዓዲተከሌዛንን ኣስማጥን ተመሳሳሊ መደባት ከምዝትግበር ኣሂሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሃይሉ፡ ድሕነት ቢንቶታት ንምርግጋጽ፡ ህዝቢ ማይ-ኩዖታት ናይ ምፍዋስ መደባት ብቐጻሊ ክካይድ ኣዘኻኺሩ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መልከፍቲ ዓሶ ንምጉዳል ጻዕሪታት ይካየድ



ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ 2020 ክሳብ 2023 እናወሰኸ ዝመጸ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻርን ናብ ዝተሓተ ንምውራድን ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብውህደት ይሰርሕ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻር ዓሶ ኣቶ ሚከኤል ሓጎስ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ እቲ ብቐዳምነት ዝሰርዕ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ን325 ሰብሞያ ጥዕና ስልጠና ከምእተዋህበ፣ ጉድኒ-ጉድኑ ድማ፡ ወፈራታት ከባብያዊ ጽሬት፣ ምዕዳል ናመሲያ፣ ገሰጋሳትን ኣስተምህሮታትን፣ ከምኡ'ውን ምንጻግ መድሃኒት ዘጠቓልል መደባት ከምእተተግበረ ገሊጹ።

ኣቶ ሚከኤል፡ ንኡሳን ዞባታት ገልዓሎ፡ ጊንዳዕ፡ ሸዕብ፡ ባጽዕ፡ ኣፍዓበትን ፎሮን ብቐደምተኽተል ዝበዝሐ መልከፍቲ ዓሶ ዝምዝገበለን ምዃነን ብምሕባር፡ ሰበኽ-ሶሞማዊ መኣብሮ፡ ንጥፈታት ባህላዊ ዕደናን ስግረ-ዶባዊ ምንቅስቓሳትን ካብ'ቶም ንመልከፍቲ ዓሶ ዘብጽሑ ዘለዉ ምኽንያታት ምዃኖም ኣረዲኡ።

ሕማም ዓሶ፡ ብተናጸል ሰሪሕካ ክትቈጻጸሮ ይኸኣል ከምዘይከኣል ዝጠቐሰ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ካብ መንበሪኡ ጀሚሩ ሰሙናዊ ጽሬት ክገብር፣ ክዝውትር፣ ምልክታትን ስምዒታትን ዓሶ ዝተራእዮ - ቀልጢፉ ናብ ትካል ጥዕና ክመጽእ፣ ብናጻ ዝዕደል ዘሎ ናመሲያ ኣብ ግቡእ መዓላኡ ክውዕል ድማ ተላቢዩ።

## ኣስመራ - ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘተኰረ ስልጠና፡ ብ14ን 15ን መስከረም ንወከልቲ ሃማደኤ ተዋሂቡ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ወ/ሮ ኣለም በላይ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ጠንቅን ሳዕቤናትን ሕማማት ብምግታእ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምውሓስ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተራ ኣደ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ተሳተፍቲ ዕቱብት ክኾና ኣዘኻኺራ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ሓበሬታን ኀሰጋስን ኣቶ ሃብተ ጉብረመስቀል ድማ፡ ኣብ 13 ንኡስ ዞባታት ማእከል ዝጦፉ ተሳተፍቲ፡ ብዝቐሰምኦ ስልጠና ናይ ባህሪ ለውጢ ብምምጻእ ከባቢኣን ብእወታ ክጸልዋ ትጽቢት ከምዝግበረለን ገሊጹ።

ክኢላ ህዝባዊ ጥዕና መንእሰይ ኣሌክሳንደር በየነ ብወገኑ፡ ዕሹግ መግብን ምጥቃም ትንባኾን ብምግታእ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ብስፊሑ ንምዝውታር፡ ሰልጠንቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂደን ክሰርሓ መኺሩ።

ኣብ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ሓላፊት ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ኤልሳ ጉብረሃንስ ድማ፡ ሰልጠንቲ መሓውር ማሕበር ምስ ምዃነን፡ ኣብ ተግባራውነት ዝቐሰምኦ ስልጠና ብንቕሓት ክሰርሓ ተላብያ።





# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኮለጅ ቅድሚ ምእታውና ዘገድሱና እንዶታት VI

ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ሕታማት እዚ ዓምዲ፡ ካብ ካልኣይ ደረጃ ናብ ኮለጅ ክንሰግር እንከለና ክንግንዘቦም ዝግብኣና ነጥብታት ኣልዒልና ነይርና። ናብ ኮለጅ ክንሰግር ከለና ዝህልወና ሓደ ሓደ ናይ መረዳእታ ብድሆታት ክፈትሑ ዝኽእሉ እንዶታት ዝሓዙ ድማ'ዮም። ናብ ኮለጅ ክንሰግር ከለና ዝህሉወና ኵነተ-ኣእምሮ ካብ ካልኣይ ደረጃ ብምንታይ ይፈልይ? ኣብ ኮለጅ ዝህልወና ኣገባብ ኣጸናንዓ፡ ምሕደራ ግዜ፡ ማሕበራዊ ዝምድና፡ ኣገዳስነት ቋንቋ እንግሊዝ፡ ኣወሃህባ ነጥብን ካልኦት ተወሰኽቲ ፍልልያት ክልተኡ ደረጃታት ትምህርትን ኣቕሪብና። ማዕረ ማዕረኡ ኸኣ ተሳተፍቲ እዚ ዓምዲ ንናይ ኮለጅ ተመኩሮኦም ዝገልጽ ሕጽር ዝበለ ትሕዝቶታት ምስኡ ኣካቲቱ ነይሩ። ንሎሚ ተሳተፍቲ ካብ ዝለኣኽኩምልና ጽሑፍ ናይ መም. ኤርሚያስ ኣለም ጽሑፍ ከነቕርብ ኢና፣ ሰናይ ንባብ።

### መገዲ ናብ ንስኻ ምኳን



ኣብ 2001 ዓ.ም ዝነበረት ክረምቲ ካብ'ተን ካልኦት ዝሓለፋ ብዙሓት ክራማት ዝተፈልየት ነበረት። መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን እናበልኩ ክጓዓዞ ዝጸናሕኩ 11 ዓመት ዝወሰደ መገዲ ፍልጠት ኣብ ኣገዳሲ መድረኽ በጺሑ። "ማትሪክ" ዝብል ቃል ካብ ዝፍለጠኒ ዕድመ ኣትሒዙ ኣብ ቅድመይ ዝጽበየኒ ዘሎ ከቢድ ዓቐብ ገይረ'የ ዝርእዮ ነይረ። ውጽኢት ማትሪክ ዝተፈላለዩ ዛንታታት ሒዙ'ዩ ዝመጽእ። "እገለ 4 ኣምጺኡ፡" "እገሊት ድኣ ተጻዋቲት እናመሰለት'ባ ስርሓ ኣይትርሰዕን'ያ፡" "እገለ ብልጫ ዝወሰድ ዝነበረ ተሪፉ፡" ወዘተ. ዝብል ዓመት መጽአ ትሰምዖም ዕላላት፡ ካብ ዘትብዑኻ ዘፍርሑኻ እዋናት ይበዝሕ። ስለዝኾነ ንማትሪክ ፈራሕ ኣይሓዝካ ገይረ'የ ሒዘዮ።

እቲ ምጽባይ ተራ ምጽባይ ኣይነበረን። ክትዝክሮ ከለኻ ኣብ ልብኻ ዝስምዓካ ብርቱዕ ስምዒት ኣሎ። እቲ ኣቐዲምካ ትሰምዖ ዛንታታት ተኣማሚንካ ኣየተኣማምን'ዩ። ሳዋ ምውራድና ግን ሓጊዙና - ንኣእምሮና ሒዙዎ። ወተሃደራዊ ታዕሊም ንሓደ ኮተቴ ናብ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ብጽሕና ንኽሰጋገር መገዲ ይህቦ'ዩ።

መዓልቱ ምስ ኣኸለ ግን ምሸባር ኣይተረፈን። እዋን ምንጋር ውጽኢት - ኣብ ህይወተይ ካብ ዝገጠመኒ ፈተና እቲ ዝበርትዐ ነይሩ። ሸዑ ዝመጽኡኻ ሕቶታት፡ ስግኣታት... ብቓሊሉ መልሲ ዝርከቦም ኣይኮኑን። ካብ ብንእሽቶኡ ትምህርቲ ጥራይ ሒዙ ክኸይድ ዝጸንሐ "ተሪፍካ" ምስ ተባህለ ካበይ'ዩ ካልእ ሕልሚ ከምጽእ? "እንተ ተሪፈኸ?" ዝብል ዘይትምልሶ ሕቶ ምስ ሰዓበ - ዝጽበዩኻ ሰባት ይረኣዩኻ፡ ካብ'ቶም መሳቱኻ ክትትርፍ ይርኣየካ፡ ብድሕሪኡኸ እንታይ'የ ክገብር? ዝብል ዘይትጸሮ ሕቶ ኣሎካ... ኮታ ኩሉ ከቢድ እዩ። ኩሉና ተኣኪብና ስም ዝሓለፉ ይንበብ፣ ኩሉ ስምዒትካ ምስ ድሃይ ኣንባቢ ጥራይ ይቃነ። ትርግታ ልቢ ክንደይ ከም ዝበጽሐ እንድዒ! ሸዑ ስመይ ምስ ተጸወዐ ከይተረድኣኒ ሓፍ ኢለ፣ ግዜ ከይወሰድኩ ግን ኮፍ በልኩ። እቶም ምሳኻ ዝነበሩ መሕለፊ ነጥቢ ዘየምጽኡ ስለዘለው ሓጕስካ ክትቈጻጸር ግድነት'ዩ።

ብድሕሪኡ ዩኒቨርሲቲ ከመይ ይኸውን? ይኽእሎ ድየ? ዝብሉ ሕቶታት ክቕልቀሉ ጀሚሮም። "ማትሪክ" ዝብል ፍርሒ "ክሪስትማስ" ብዝብል መፍርሒ ተቐዪሩ። ኣብ ኣእምሮይ ግን ለውጢታት ክስመዓኒ ጀሚሩ። እቲ ፈተና ማትሪክ ልክዕ ከምዚ ኣብ ገለ ሕብረተሰባት ኮተቴታት ናብ ብጽሕና ንኽሰጋገሩ ዝተፈላለየ ፈተናታት ኣሕሊፎም ነብሶም ከም እኹላትን ተሰከምቲ ሓላፍነትን ከም ዝቑጽሩዎ ዝገብሩዎም። ኣነ'ውን ናተይ ምርጫይ ዘልዕለሉ፡ ነብሰይ ዝገልጸሉ፡ ውልቃዊ ድልየተይ ዘነጽረሉን ንስለ ነብሰይ ባዕለይ ደው ዝብለሉን መድረኽ ከም ዝበጻሕኩ ብንእሱ ክስመዓኒ ጀሚሩ።

ዩኒቨርሲቲ ብብዙሕ ሸነኹ ካብ ካልኣይ ደረጃ ዝተፈልየ ኩይኑ ረኺበዮ። ከምዚ ኣብ ዘይፈልጦ ዓቢ ከተማ ዝኣተኹ ኩይኑ ተሰሚዑኒ። ብሓቂ መራሒ መገዲ የድልየካ እዩ። ኩሉ ሓበሬታታት ኣብ ሰደቓ መሐበሪ (ኖቲስ ቦርድ)'ዩ ዝልጠፈልካ። ኣንቢብካ ተረዲእካ ናትካ መደባት ትሰርዕ። መምህር ናብ ክፍሊ ኣትዩ ኣብታ ሰሚስተር ትመሃሮ ኣርእስታትን መወከሲ መጽሓፍትን ይህበካ። ብድሕሪኡ ንዕኣ እናተኸተልካ ብኸመይ ትኸይድ ናትካ ጉዳይ'ዩ። እቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዘሎ ኣገባብ ነቲ ተመሃራይ ከም ቈልዓ ስለ ዘይርእዮ ከምዚ ግበር፡ ከምዚ ግደፍ፡ ንዓ ናብዚ፡ በዚ ኺድ... ኣይብሎን'ዩ። ከም እኹል ሰብ ዘድልዮን ዘየድልዮን ዝፈልጥ ገይሩ ስለ ዝሓስቦ እቲ ተመሃራይ ከኣ ማዕረኡ'ዩ ብስለት ዘጥሪ። ከም ሓቂ ዕድመኻ ዝህበካ ዘይተርፍ ስለዝኾነ'ምበር፡ ህይወት ካልኣይ ደረጃ ትስከሞ ሓላፍነት ስለዘይብልካ ጥዑምን ተናፋቕን እዩ። ንእሽቶ ኴንካ ስለዘይንበር ግን ምስ ዓበኻ መምዘኒ ህይወት ይቕየር'ዩ። መግለጺኻ ደረጃ ትስከሞ ሓላፍነትን ኣብ ቅድመኻ እተቐምጦ ዕላማ'ዩ። ንስራሕ ዓለም ምስ ከድካ ከኣ ግልጽ ኢልካ ንህይወት ኮለጅ ትናፍቖ ኢኻ። እዚ ናብራና እናናፈቕካ'ዩ መስለኒ።

መም. ኤርሚያስ ኣለም


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ | ቤተልሄም ታደሰ

ሳምራዊት ሃብተ | ፍርቱና ኤፍሬም

ቅሳነት ተወልደ


ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


### ዳእላ ተመሃሮ



*A student goes into his lab right at the end of the class hour. Fearing he'll get an "F", he asks a fellow student what she's been doing.*

*"We've been observing water under the microscope. We're suppose to write up what we see." The page of her notebook is filled with little figures resembling circles and ellipses with hair on them.*

*The panic-stricken student hears the bell goes off, opens his notebook and writes, "During this laboratory, I examined water under the microscope and I saw twice as many H's as O's."*

ሜሪ ማና

## 10 ካብ ኮለጅ... ዘስጕጉ ምኽንያታት

ኣብ ኮለጅ ዘጋጥም ምትራፍ ወይ ምድስካል ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎ። ዝበዝሕ ተመሃራይ ዘስጎግ ብተፈጥሮኡ ሕማቕ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። ምኽንያት ናይ ብዙሓት ተመሃሮ ኣብዘን ዝስዕባ 10 ምኽንያታት ተጠቓሊለን ክገለጻ ይኽእላ፤

1. ብዘለካ ክፍሊ-ግዜን ዘድልየካ ነጥብን ብዙሕ ጸወታ ወይ ምዝንጋዕ ተብዝሕ እንተ ኼንካ፤

2. ኣድህቦኻ ኣብ ትምህርቲ ዘይምህላዉ፣ ብርቱዕ ተነጽሎን ናፍቖት ገዛኻን ዝስመዓካ እንተ ኾይኑ፣

3. ብትምህርቲ ተማርርን ትምህርቲ ትጸልእን። ከምኡ'ውን ዘይብጻሓካ መሲሉ ዝርኣየካ እንተ ኾይኑ፣

4. ውልቃዊ ናይ ስድራ ሽግራት ኣብ እምሮኻ ይመላለስ ወይ ብርቱዕ ሻቕሎት ገዛኻ እንተ ሃልዩካ፣

5. ክሊማ እትመሃረሉ ዘለኻ ኮለጅ ኣዝዩ ዘሸግረካ እንተ ኾይኑ፣

6. እንታይ ከተጽዕ ምኳንካ ዘይምፍላጥ ወይ ንዓኻ ኣብ ዘይከውን ዓዉዲ እንተ ኣቲኻ፣

7. ሕጽረት ተመኩሮ፡ ማዕዳን ሓበሬታን ዝቐደሙ ኩነ መምህራንካ ዘይምክትታል፣

8. ካብ ከባቢኻ ርሒቕካ ኣብ ካልእ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ዘለዎ ከባቢ ኬድካ ትምሃር ምስ ትህሉ፣

9. ውጹእ ናይ ባጀት ጸገም እንተ'ለካ፣

10. ክትበጽሖ እትደሊ ሸቶ ዘይምስራዕ ወይ ንቕድሚኻ ብዝገጠመካ ትኸይድ እንተ ኼንካ።

ገለ ካብዞም ነጥብታት ኣብ ሃገርና ከም ሸግር ዘይልዓሉ ክኾኑ ይኽእሉ'ኳ እንተ ኾኑ፡ እቶም ዝበዝሑ ግን ምስ ተመኩሮ ተመሃሮ ኮለጃትና ዝቃደው እዮም።

መም. ስቴላ መሓረና

Source: A variety of college institutional research sources

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ኩሉ ሰብ በሊሕ ኰይኑ'ዩ ዝውለድ፣ ዘይበሊሕ ሰብ ኣተዓባብያኡ'ዩ ዘጕድሞ።"

- R.Buckminter Fuller

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# መሳርሒታት ድሕነት ኣብ ቦታ ስራሕ

ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተመደብሉ ዓውደ-ስራሕ፡ ልዑልን ብቑዕን ዝኾነ ናይ ድሕነት ጥንቃቐታት ከዘውትሩ ሞያዊ ግዴታ ኣለዎም። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ከውሓስ እንተኾይኑ፡ ኩሉ ዓይነት መከላኸሊ ኣጋባብታን ስጉምቲታትን ግብራውነቶም ክረጋገጽ ከምዝለዎ ድማ፡ ትካላት ወይ ኣሰራሕቲ ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ድማ፡ ካብ'ቲ ዝለዓለ ናይ ምውጋድን ምእላይን ጀሚርካ ክሳብ እቲ ዝተሓተ ምጥቃም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ዘጠቓልል ክኸውን ይግባእ።

ኮይኑ ግን ኣብዚ እዋን'ዚ ሙብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት ድሕነቶም ንኽሕልዉ፡ እቲ ብቐዳምነት ዝሰርዕዎን ኣብ ሓንጎሎም ዝቐርጽዎን ነገር እንተሃልዩ፡ ምጥቃም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት እዩ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ከመሓየሹ፡ ሰራሕተኛታት ናይ ግድን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክወዝኑ ኣለዎም ዝብል መረዳእታ ዳርጋ ግሉን ኮይኑ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብዙሓ ተርእዮ ሓደጋታትን ሕማማትን እውን ብመንጽር ቀረብ እዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት ተኣሳሲሩ መግለጺ ክወሃቦምን ማእለያ ዘይብሉ ጥርዓናት ክቐርቡ ጸኒሖምን ኣለዉን።

ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ሰራሕተኛታት ካብቲ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ስርሓትን ንጥፈታትን ክብገስ ዝኽእል ተኽእሎ ሓደጋታት ናብ ኣካላቶም ከይሰጋገር ዝከላኸሉ መሳርሒታት ኮይኖም፡ ንመጸር ዓይኒ፡ ናይ ድሕነት ጫማ፡ ናይ ኢድ ጓንቲ፡ ናይ እዝኒ መከላኸሊ፡ ቁብዕ ርእሲ ወዘተ ዝኣመሰሉ እዮም። ውልቃዊ ካብ ምኻኑ ዝተበገሰ ድማ፡ ኣብ ኣካላቶም ንዘወርድ ሓደጋታት ከም ድርዒ ኮይኑ ይከላኸሎም። ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ከም ናይ መጨረሽታ ደረት ምክልኻል ሓደጋታትን ሕማማትን ዝውሰድ ኩይኑ፡ መጠን ምክልኻሉ ካብ 90 ሚእታዊት ክሳብ 95 ሚእታዊት ይግመገም። ካብዚ መጠን ንርድኦ ነገር እንተልዩ፡ ጠንቅታት ሓደጋ ምሉእ ብምሉእ እውን ክከላኸል ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ እዩ። ስለዚ፡ ካብዚ ብምብጋስ ኣብዩ፡ መዓስ ከምኡ'ውን ብኸመይ ንጥቀመሉ ምፍላጥ ኣዝዩ ውሕሉል ኣገባብ ምኻኑ ምጥቃስ ይከኣል።


ድማ፡ ውሑስ ዝኾነ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክትፈጥር ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ቅድሚ ዝኣገረ ደረጃን ብቕዓትን ናይዞም ኣገባብ ምክልኻል ከየነበዐ ብቐደም-ተኸተል ምትካእ (ምቕያር)፣ ምጉዳል መጠን፣ ኢንጂነሪንግ ምቁጽጻርን ምምሕዳራዊ ኣገባብን . . . እናበልካ ድሕነትን ጥዕናን ዝመሓየሽሉ መንገድታት ሃሰው ምባልን ፍታሓት ምምጻእን ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ።

እዚ ኹሉ ጻዕርታት ኣካይድካ ወጽኢት ክርከብ እንተዘይተኻኢሉ፡ ኣማራጺ የለን፣ ምስ ምኹኑይ መግለጺታትን መብርሂታትን፡ ኣብ መውዓኢታ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ምጥቃም ናይ ብሉቂ ውሕሉል ኣካይዳ ውሕስነትን ድሕነትን ሰራሕተኛታት እዩ።

ከም ልምዲን ተርእዮን ግን፡ ሙብዝሕትኦም ሰራሕተኛታትን ትካላትን፡ ነቲ ድሕሪት ዝኸውን ብቐጻሊ ከቕድሙ ደርእዩ እዮም። እዚ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ድማ እቲ ብመጀመርያ ክእረም ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ንኣብነት፡ ብርቱዕ ድምጺ ዘፈጥር ማሽን ወይ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ኣብ ክንዲ ተቐዳዲምካ ናይ እዝኒ መከላኸሊ ምጥቃም፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ድምጺ ኣለሊኻ ክትኣልዮ ምፍታን እቲ ዝሓሸ መንገዲ እዩ። ሕመረት ናይ ዝኾነ ኣገባብ ወይ ሜላታት ምክልኻል ሓደጋን ሕማምን፡ ተቐዳዲምካ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ንኽትጥቀም ዘይምጽዓር እዩ።

ከም'ቲ ከም ኣብነት ኮይኑ ዝቐረበ ናይ ብርቱዕ ድምጺ እንተርኢና፡ መጀመርያ ንኽእለ ጻዕሪታት ተኻይዱ እንተዘይ ተመሓይሹ፡ ምኽላል ወይ ድማ ምሕጻር ካልኣይ ኣማራጺ ክኸውን ይግባእ። ከምኡ እናበለ ድማ፡ ብስሩዕ መጠን ድምጺ ከምዝጎድል ምግባር፡ ጸገናን ምትዕርራይን ምኪያድ፡ ምምሕዳራዊ ኣገባብ ምኽታል፡ ንብዙሕ ሰዓታት ከምዘይቃልዑ ምግባር፡ ምብርራይ. . . ዝኣመሰሉ መንገዲታት ብዘይገጽእ ተዳህሲሶም ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ክሕሎ ኣለዎ። እዚ ኹሉ ተፈቲኑ ምስ ዘይሰምር ግን፡ ከም ናይ መውዓኢታ ኣማራጺ ናይ እዝኒ መከላኸሊ ክትጥቀም ይከኣል እዩ።

ኣጠቓቕማ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ድሕሪ ኹሉ ጻዕርታት ደረጃታት ኣገባብ ምክልኻል ሓደጋታት ዝመጽእ ኣማራጺ፡ ምኻኑ ርዱእ ኮይኑ፡ ዝያዳ ጽፈትን ብቕዓትን መታን ክህልዎ፣



እቲ ዝበለጸን ፍቱንን ኣገባብ ምክልኻል ሓደጋ፡ ጠንቂ ወይ ምንጪ ሓደጋ ክኾኑ ዝኽእሉ ተኽእሎ ሓደጋታት ብዝግባእ ዳህሲስካን ፈቲሽካን ምሉእ ብምሉእ ከምዝእለዩ ወይ ከምዝውገዱ ምግባር እዩ። ንኣብነት ደርና ኮይኑ ኢልካ ኣብ ክንዲ ተቐዳዲምካ ናይ ኣፍ ማስክ ምውዳይ፡ እቲ ዝሓሸ መንገዲ ምንጪ ደርና ዝኸውን ዘሎ ነገር ምእላይ ወይ ምውጋድ እዩ። ከም'ዚ ምግባር ብመጀመርያ ካብ ዘይተደለየ ወጻኢታት ክትድሕን ትኽእል፡ በቲ ካልእ ሸነኽ

ዝሓተ ደረጃ ብቕዓት ምምላእ ኣጉዳሲ እዩ። ኩሉ ግዜ ካብ ዓይነት ናይቲ መሳርሒታት ጀሚርካ ክሳብ ምእኩል ዝርጋሐ ክረጋገጽ ክኽእል ኣለዎ። ብፍላይ ድማ፡ ዓቕሚን መጠንን ናይዞም መሳርሒታትን ንኦም ክጥቀሙሉ ዝተዋህቦም ሰራሕተኛታትን ብዝግባእ ዝተሳነየ ወይ ዝተመጣጠነ ክኸውን ይግባእ። ክዓብዩም፡ ክንእሱም፡ ክገፍሑም ወይ ድማ ክጸቡም ብፍጹም የብሉን። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ኣብ ክንዲ ዝከላኸለሎም ካልእ ዘይተረራእየ ተወሳኺ ጸገማት ክፈጥረሎም እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ

ዝዑብሮ ምንቅስቓስ ክእለተ-ምርኣይነትን ካልእን ክጸግሞ ይኽእል። ስለ'ዚ ኣብ ቀረብ ጥራይ ኣተኲሮ ከይገበርና፡ መጠንን ዓቕምን ናይቶም ዝዕደሉ መሳርሒታት፡ ብመንጽር ኩነትን ባህርን ናይቶም ተኽእሎ ሓደጋታት ክሳለዩ ኣለዎም።

ዓይነትን ደረጃ-ብቕዓትን ናይዞም





ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ብዘኾነ ይኹን መንገዲ - ምስ'ቶም ናብ ኣካላት ሰራሕተኛታት ክይቀርቡ ዝድለዩ ዘለዉ ተኽእሎ ሓደጋታት ዝከላኸል ምኻኑ ምርግጋጽ ከድሊ እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝርኣ ሓላፍነት መዳርግቲ የብሉን። እዚ ማለት፡ ሙብዛሕትኦን ትካላት ብዙሕ መጽናዕትን ዳህሳስን ከየካየዳ ንስለ ቀረብ ጥራይ ደረጃኡ ዘይሓለወ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ንሰራሕተኛታተን ክዕድላ ይረኣያ እየን። እዚ ግን በቲ ዝድለ መለክዒ ተቐባልነት ክህልዎ እዩ እቲ ዝድለ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ-ሓደ ኣብ ምልካይ ሕብሪ መካይን ክሰርሑ ዝጸንሑ'ኻ ሰራሕተኛታት ወደየምዎ ዝጸንሑ ናይ ኣፍ ማስክ፡ ካብቲ ተራን ልሙድን ዓይነት ማስክ ፍልልይ ትሰኣነሉ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣዝዮም ክሽገሩ ኢኻ ትርኢ።

ኣብ ጠበይ ናይ ጽሬት ስራሓት ተዋፊረን እንረኽበን ሰራሕተኛታት እውን እንተኾኑ፡ ብመንጽር ናይ ስራሕ ባህርን ኩነታትን እቲ ዝጥቀማሉ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት - ከም ሸበጥን ቦዂ-ኹናንን፡ ንድሕነተንን ጥዕናአንን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን እዩ ዝግባእ። ነቲ ዓይነት ስራሕን ንጥፈታትን ከምኡ'ውን ኣምሳያኡ ዝስዕብ ተኽእሎ ሓደጋታትን ሕማማትን ንኽከላኸል ዝበቅዕ ዓይነት ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክቐረብ ክኽእል ኣለዎ።

ቀረብ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ነቲ ዝተወጠነ ተኽእሎ ሓደጋታት ጥራይ ዘይኮነ ንጥዕና ናይቶም ሰራሕተኛታት እውን ብፍሉይ ኣተኲሮ ክዝበር ክኽእል ኣለዎ። ንኣብነት፡ ናይ ዓይኒ ጸገም ዘለዎ ሰራሕተኛ ከም ማንም ጥዑይ ሰራሕተኛ ተቐጺሩ ሓደ ዓይነት መጸር ዓይኒ ምሃብ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከምዝበዝሕ ናይ ግድን እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ዝተፈልየ ሕክምናዊ ምርመራን ክንክንን ተኻዩዱሉ ኩለንተናዊ ኣልያ ብምግባር ንዓኡ ዝምጥን መጸር ዓይኒ ክወሃብ ክኽእል ኣለዎ። ብተመሳሳሊ ኣብ ቤት ዕዮ ኤሌክትሪክ ተመዲቦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ጫፉ ሓጺን ዘለዎ ናይ ድሕነት ጫማ ክወድዩ ፍቑድ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ምርጫ ናይቲ ዝድለ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ልዑል ዝኾነ ጥንቃቐን ቁጽጽርን ይሓትት።

ትካል ወይ ኣሰራሒ፡ ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ ብመንጽር ዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታትን ዝጥቀሙሉ ዘለዉ መሳርሒታትን በቲ ሓደ ሸነኽ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ - ከም ኣምሳይኡ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ተኽእሎ ሓደጋታትን ሕማማትን ምርኩስ ብምግባር፡ እኹልን ብቑዕን ዝኾነ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ንሰራሕተኛታቱ ክቕርብ ግዴታ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ድማ፡ ብመሰረት ዝተዋህቦም መምርሒታትን ሕጋጋትን ተቐይዶም ብግቡእ ክጥቀሙሉ ናይ ግድን ይኸውን። ብወገን ሰራሕተኛታት እውን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ዝርአ ዘሎ ሸለልትነት፡ ዘይተገዳስነት፡ ኣጉል ርእሰ-ተኣማንነትን ካልእን፡ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ኣሉታዊ ዝኾነ ወጽኢት የስዕብ ጥራይ ዘይኮነ ዘይውሑስ ተግባር እውን እዩ። ኣብዚ ዝቐርቡ ምኽንያታት ማእለያ የብሎምን። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ዝቐርቡ ምኽንያታት ግዜ ክወኽስ የብሉን። እንታይ ደኣ - ብመሰረት ትሕዝቶን መንፈስን ናይ'ቶም ብደረጃ ትካል ዝወጹ መምርሒታትን ሕጋጋትን፡ ኣድላዪ ስጉምቲታት ክውሰድ እዩ ዘለዎ።

ኣብዚ ነጥቢ'ዚ እቲ ትካል ብመጀመርያ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ ንምንታይ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ይዕደሎ ከምዘሎ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ መመሓላለፊ ተኸቲሉ ኣድላዪ ዝበሎ ሓበሬታታትን ምኽሪታትን ክሰንቕ ኣለዎ። ኣብዚ ጥራይ ከይተሓጸረ፡ ንኣጠቓቕማኡን ኣተሓሕዛኡን ዝምልከት ቀጻሊ ስሩዕን ዝኾነ (እሞ ድማ ምዝኑብን ዝተሰነደን) ትምህርትን ስልጠናን ክወሃቦ ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት ስጉምቲታት ምውሳድ፡ ብዘይካ'ቲ ርድኢትን ንቕሓትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ ምዕባዩ፡ ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ወግዓዊ ምምሕዳራዊን ስነ-ምግባራዊን ስጉምቲታት ንኽወስድ ክሕግዞ ይኽእል እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ሸለልትነት ምርኣይ ከምኡ'ውን ሕድገት ምግባር፡ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ከምዝኸብድ ዘጠራጥር የብሉን።

ከም ትዕዝብቲ፡ ሙብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት፡ "እቲ ዝወሃበና ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ክንንቀሳቐስ ወይ ክንሰርሕ እንክለና፡ ምቑት ወይ ጣዕሚ ኣይፈጥረልናን ኣሎ" ዝብል ምኽንያታት የቕርቡ እዮም። እቶም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ንምቑት፡ ንመዛወሪ፡ ንጣዕሚ ካልእን ተባሂሎም ኣይኮኑን ተዳልዮም። እንታይ ደኣ - ምስ ኩነትን ባህርን ናይቲ ኪጋጥም ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ዝተገምገመ ተኽእሎ ሓደጋታትን ሕማማትን ብምንጽጻር፡ ንዕኡ ክከላኸል ጥራይ እዩ ተዳልዩ ዝዳለ። ካብዚ መንፈስ'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ነፍሲ-ወከፍ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ጠንቂ ናይ ዘይምቹእነት

መታን ከይከውን፡ ብዝተኻእለ መጠን ንኽትወድዮም ፈኲስቲ ከምኡ'ውን ነዊሕ ኣገልግሎት ዘለዎም ኮይኖም እዮም ዝዳለዉ። ስለ'ዚ እምበኣር፡ ከምዚ ዓይነት ምኽንያት ዘይቅበል ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ጠንቂ ሓደጋን ሕማምን ከምኡ'ውን ዘይውሑስ ተግባር ክኸውን የብሉን።

ጽቡጽብ ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ጉዳያት ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ብወገን ትካላት ይኹን ሰራሕተኛታት ዝምዝገቡ ዘለዉ ጉድለታት፡ ጌና ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ዝሓቱ ምኻናም ዝእንፍት እዩ። ትካላት ደረጃኡ ዝሓለወን እኹል ዝኾነን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክቕርባ ይጽገማ ኣለዋ። ኣብዚ ብዙሕ ምኽንያታት ይወሃቡ'ኻ እንተኾኑ፡ ብዝያዳ ግን ካብ ዘይተገዳስነትን ዘይተወፋይነትን ምምሕዳር ዝመንጨወ ምኻኑ ሰነዳት ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ብንጹር ይሕብሩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ትካል ከም ባህሊን ልምድን ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ከም ወጻኢ ዘይካስ ልክዕ ከም ወፍሪ ጠሚቱ ኣካል ናይቲ ዘይተርፍ ምምሕዳራዊ ስርሓት ክዝበር ይግባእ። ዕግበትን ተወፋይነትን ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ፡ ብመጠን ደሞወዝ ጥራይ ክግለጽ ወይ ክሕጸር የብሉን። እኳ ደኣ፡ ብዝያዳ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ናይቲ ሰራሕተኛ ዝያዳ ኣተኩሮ ምግባር፡ ርኡይ ተኣማንነትን ሓያል ተገዳስነትን ኣጉልቢቱ ዝያዳ ኣድማዕነትን ኣፍረይትን ንክኾኑ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣብ መውዓኢታ፡ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ዳርጋ ንብዙሓት ዓይነታት ተኽእሎ ሓደጋታት ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ ኩነታት ተመርኲሶም ብዝግባእ ተዳልዮም ይቐርቡ ኣለዉ። እዞም ዓይነታት መሳርሒታት ካብ'ቲ ዝኣሰ ናይ ኢድ ጓንቲ ኣትሒዝካ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ምሉእ ኣካላት ዝሸፍን ክዳን ዝሓቑፈ እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ዋላ'ኳ ብመጠኑ ምምሕያሻት እንተሃለወ፡ ጌና ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ዝሓቱ ስርሓት ተሪፎም ከምዘለዉ ግን ምዝንጋዕ የብሉን። ብፍላይ፡ ኣብ ጽላታት ህንጻ፡ ሰንዓ፡ ዕደና እንተላይ እምኒ፡ ሕርሻ ከምኡ'ውን መጉዓዝያን መራኸቢታትን ዘሎ ቀረብን ኣጠቓቕማን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ዳርጋ ድሩትን ትሑትን እንተተባህለ ብዙሕ ኣይተጋነነን። ክንዲ ዝኾነ፡ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ደረጃ ምክልኻል ሓደጋን ሕማምን ተፈቲኑ ዝተበጽሐ ናይ መውዓኢታ ምርጫ ምኻኑ፡ ብዝግባእ ክግለጽን ክበርህን ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ድማ ንድሕነቶምን ጥዕናኦምን ምኻኑ ተረዲኦም፡ ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ልዑል ዝኾነ ጥንቃቐን ግዝኣትን ክገብሩ ይግባእ።

ብንያም ኣሕፈሮም
(ሚ/ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን)



# ቑርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## በጃኻ'ባ ሰኸር!!

ኣብ ዝበዝሐ ሕብረተሰብ ዓለም ዝምስረት ዝምድና ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ስድራ-ቤት፡ ሓደ ዝጠልቦ ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ ንቑጠባዊ ትሕዝቶ ናይቲ ዝምድና ኮነ ስድራ ዝጸሉ ኣሉታዊ ንጥፈታትን ልምድታትን ካብቲ ብተደጋጋሚ ዚይምረጽ ረቛሒታት እዩ። በዚ መንጸር ዝዓም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ባህርያት ንምእላዮም ኮነ ንምውጋዶም ዝተፈላለዩ መንገድታትን ሜላታትን ምጥቃም ካብቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግና፡ ሓደ ሓደ ግዜ እሓም ልምድታት ተደለይቲ ዝኾኑሉ ግዜን ኩነታትን ኣይተሳእኑን። ማስተ ካብዮም ብብዚሒ ንቑጠብ ናይ ሓንቲ ስድራ-ቤት ንድሕሪት ዝጉትት ልምዲ እዩ እናተባህለ ኣብ ዝግለጸሉ እዋን፡ ቀጺልኑ ንኽውሓስ ዝጽወዑ ብርክት ዝበሉ ወገናት ክህልዉ ከም ዝኽእሉ'ውን ንምምያኑ ካብቲ ዘየሸግር እዩ።

ብፍላይ ኣብዮም ማስተን ምስ ማስተ ምትእስሳር ኣብ ዘለዎም ነገራትን ብምትኳር ማብብሮኦም ዝመርሑ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ጉጅለታት እንክትሰምዖ ብዙሕ ከበርም ኣይክእልን ይኾውን። ይኹን እምበር ካብዚ ፍልይ ብዝበለ መዳይ፡ ገለ ሰባት ንማስተ ከም መግለጺ ክብሪን መንነትን ክጥቀምሉ ይረኣዩን ይሰምዑን እዮም። "ክላእ እከለ ዓርከይ ደኣ ኣይ ከምዝም ደርሁ እንደዩ ቀልጢፉ ገዚኡ ብምእታው እዩ ዝሰኸሮ። ቁሩብ ከማን ከም ሰብኣይ ሓደ ክልተ ዘይብሉ። ኣታ ከመይ ዝበልዎ ምሽቲ ሰብኣይ እዩ ወደይ!? በዚ ሎሚ ግዜሲ ማይ ማይ እናሸተተ ይኣቱ ወዙተ" እናተባህለሉ ኑቲ ብዘይምስታዩ ክሓድግን ኣርኣያ ክኸውንን ዝግበኦ ሰብ ክሰሃልዎ ትሰምዕ።

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሕዋትና ኑቲ ኣርኣስቲ ኣብ ክንዲ ምቅዋም ንምትብባዑ ዝድግፍ ንጥፈታትን መረዳእታታትን ዘለወን ኮይነን እየን ዝጸንሓ። እቲ ምኽንያት ዋላ እኳ ንሓፈሻዊ ባህርያተን ዘጸር ርጉጽ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይሃልዎ፡ ምስ ባህርን ኩነታት ኣተዓብብዮን ኮነ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ምትእስሳር ከይዛለዎ ግና ኣይተርፍን። ኣብ ሓደ መርበብ ሓበሬታ ዝተረኽበ ጽሑፍ ብኸምዚ ዝስዕብ ይንብብ።

ሓንቲ ጓል ኑቲ ብዙሕ ከም ዘፍቅራን ሓሳብ ልቡ ከም ደስታኡ ናይ ምግላጽ ጸገም ኣለዎን ኢላ ዝደምደመቶ ዓርኩ፡ ሓደ መዓልቲ ሰኺሩ ረኺቡቶ። ኣብ ከምዚ ግዜን ኩነታትን እቲ ወዲ ኑታ ጓል ክጸብያ ዝጸንሐ እንክመስል፡ ብርብጽ ስምዒት ብምቕራብ ኩሉ ስምዒታቱ ንግፍ ኣቢሉ ነገራ። እታ ብኩነታቱ ብዙሕ ኣቓልቦ ትህቦ ዘይነበረት ኣፍቃሪት፡ እቲ ወዲ ቅድሚ ሕጂ ዘንጸባርቖም ኮነ ዘርእዮም ዝበረ ባህርያት ፍልይ ዝበሉ ኮይኑ ስለ ዝተሰመዓ፡ ኑቲ ኩነት ብተደጋጋሚ ክትሰምዖ ከም እትደሊ ንምግላጽ ከም ዘይከኣለት ብኸምዚ ምግላጹ ተሰምዓ። "ትፈልጥ፡ ማስተ ክትሰቲ ከሎኻ እቲ ዋላ ሓንቲ ምስጢር ዘይብሉ ሰብ ኢኻ ትኸውን። ብዘዕባ ዝሕለፍነዮ ሕሰም ብዘይስክፍታ ምስ ኣዕለልካኒ፡ ማዕረ ክንደይ ከም ዘይፈልጠካ በሪሁለይ። ስእኖት ስድራኻ ብዘይ ሕፍረት ክትዝክረለይ ከሎኻ ንምንታይ ካልእ ግዜ ደፊርካ ኣልዓልካዮ ዘይትፈልጥ ግርም ኢሉኒ።

ስምዒትካ ዝተኸፈኣካ ነኣሽቱ ኣጋጣሚታት ክትዝርዝረለይ ከሎኻ፡ ብትሕቲ እቲ ኩሩዕ ጸዋግ፡ ጩኻን ዝመስል ገጽካ፡ ዝተሓብአ ልስሉስ፡ ተነቃፊ፡ ብቐሊሉ ስምዒቱ ዝጉዳእ ንሸኻ እየ ዝርኢ ነይረ።

ካብ'ታ ደረቕ 'I love you' ኻ ሓሊፍካ ዓቕን ፍቕርኻ ብቛንቋ ኣዴኻ ክትገልጸለይ ብዘዕባ ምሳይ ክህልወካ እትብህጎ ህይወት ብደቀቕቲ ዝርዝራት ክትትንትነለይ ከለኻ፡ ማዕረ ክንድኡ ተፍቅረኒ፡ ንፍቕሪ ገሊጽካ ትኽእሎን ይመስለኒ ብዘይምንባሩ 'እምበርዶ ንሱ እዩ?' ኢለ ክሓስብ ጌሮኒ።

ሕሉፍ ሓሊፍካ ንወልደዎም ብዙሓ ቈልዑትን ኣስማት ደቅናን ብምምራጽ ዘርዘርካ ወዲእካ ምስ ነገርካኒ፡ እቲ 'ብዛዕባ መጻኢ ያደይስ ይሓስብዶ ይኸውን?' ኢለ ዝተጠራጠርኩዎ ግዜያት ከንቱ ምንባሩ ክፈልጥ ክኢለ። ክልምነካ! ካልኣይ ግዜ'ባ ሰኺር ጸቡቕ ገይረ ክፈልጠካ!!!

እዚ ዛንታ ምስ ኣንበብካ ኑቲ ቀዳሞት፡ "ሰኺሩ ጓልካ ንዘለመካ ኣይትኽልኣዮ፡ ንዘጸረፈካ ኣይትረስዮ" ዝብል ምስላ ክትዝክር ትግደድ።



## ኣመሎም ክሳብ ዝኾነ....

ትማሊ ንሓደ ኣብ ጸገም ዝነበረ ሰቡ ሰብ ስለ ዝኾነ ጥራይ ሕማቕ ርኢኻ ኣብ ኈብምኳን ኩሉ መደያዊ ሓገዝት ወፈኻሉ ከተብቅዕ ዕድሉ ኣጸቢቑ ካብቲ ጸገም



ኣብ ዝወጸሉ ግዜ፡ ዝገበርካዮ ውዕሉትን ጸቡቓን ረሲዑ ብምኻዱ ክቑጥዓካ የብሉን። ዝተጠለምካን ዝተኾሓደካን መሰሉ'ውን ኣይሰማዕ። እንተኾነ'ውን ተቐበሎ። በንጻርዚ ገለን ሰባት ኑቲ ዝገበርካሉም ዘከርም ከመስዮኩኻ ተብዮኾ ብምውሳዶም እውን ዘወሰኸካ ኮነ ዝገደለካ ነገር ኩዩ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። እዚ እውን ከም ዘለዎ ተቐበሎ። ብሓፈሻ ኣብ ህይወት ኩሉ ነገር ከም ዘሎ ዘክር። ሰባት ክሳብ ዝኾኑ፡ ዝተፈላለዩ ባህሪ ዘለዎም ሰባት እውን ክንንፋና ባህርያዊ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ሰባት ኣብ ልዕለኻ ዝፍጽምዎም ነገራት እንተስ ብጥርህነት፡ እንተስ ብዕሽነት ብዘየገድስ ከምኡ ክነብሩ ዝደረኾም ምኽንያት ክሳብ ዘይፈለጥካ፡ ንሸኻ ግና ቡቲ ትማሊ ዝገበርካዮ ሰናይ ተግባር ፈጺምካ ኣይትጠዐስ። ጸቡቕ ዝገበርካሉ ጸቡቕ ስለዘይፈደየካ ወይ ስለ ዘየማስገነካ ኣይትቀየም። ንስለ ሕልናኻ ዝገበርካዮ ኩሉ ነገር ብሕጂ እውን ንእትገብሮ፡ ግዜን ኩነታትን ይቐየሩ ኣይቀየሩ ብዘየገድስ፡ ሰባት ኣመሎም ኮይንዎም መልሓሶም እንተ ዓጸፉ፡ ጠባዮም እንተ ቐየሩ ትማሊ ብዘጐበርካዮ ንጥፈታት ሕጉስ ኩን። ሰብ ንስለ ምስጋና ወይ ንስለ ጸቡቕ ካብ ሰባት ክረኽቦ ዝኽእል ረብሓ ዘይኮነ፡ ሕልናኡ ዝቐሰነሉ፡ መንፈሱ ዝሕጎሰሉ ስራሕ ብምዕያዩ ጥራይ ወትሩ ወናኒ ደስታ ምኳኑ ኣይትዘንግዖ። ስለዚ ንሸኻ ኣመልካ ክሳብ ዝኾነ፡ ጸቡቕ ነገር ካብ ምግባር ኣይትብኮር። እንተ እቶም ነገራት ካብ ንምስጋና ንትዕቢትን ጃህራን ዝቐለሎም ሰባት ድማ፡ ከምኡ እንተገበሩ ኣመሎም ክሳብ ዝኾነ ኣይትገደሰሉ። ስለዚ ወትሩ ጸቡቕ ካብ ምግባር ኣይተድሓርሕር።

## ንልቦና

* "ሸግርካ ንደገ ምውጻእ፡ ፈጺሙ ይጠፍኣልካ ማለት ኣይኮነን። ሸግርካ ንኸመይ ዓይነት ሰብ ተውጽም ኣለኻ ምፍላጥ ግና፡ ገለ መፍትሒ ኣይሰኣናን እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

"ጸቡቕ ነገር ክትህብን ጸቡቕ ኩንት ንክቐጽል ዘኽእሉ ነገራት ካብ ምስልሳልን ፈጺምካ ኣይትፍራሕ።" - **ስቲቨን ፕረፊንታይን**

"ስእሊ ኣእምሮ ጠቓሚ ክኸውን እንተ ኾይኑ፡ ሓቀኛ ክውንነት ከይጋረደ፡ ግና'ሽ ክብጽሖ ከም ዝኽእል ዘርኢ ኩንተ ስእሊ ክኸውን ኣለዎ።" **- ኮሊን ዊልሰን**

"ግብረ መልሰታትና ኣብ ልክዕ ሸቶና ዝምርኮሱ እንተ ኾይናም፡ መንፈስና በቲ ኩነታት ፈጺሙ ኣይጠዓስን እዩ።" **- ኣንቶኒይ ዳግላስ ዊልያምስ**

"ኣብዚ ዓለም ኣነ ኣብ ትጽቢትካ፡ ንስኻ ድማ ኣብ ትጽቢት ንዕኡ ርእሰይ ክንኣብር ኣይመጻእናን።" **- ብሩስ ሊ**

"ተጻዋርነት ንምጥራይ ኣብ ዝገበር ምልማድ፡ ጸላኢ ዝበለጸ መምህር'ዩ።" **- ዳላይ ላማ**

"ህይወት ክሳብ ሎሚ ትርጉም ከም ዘለዋ ዝስቁረካ፡ ፍሽኽታ ምስ ዘይትፈሊ እዩ።" **- ቻርሊ ቻፕሊን**

## ኣደነቕቲ ሓቅታት


> ደቂ-ተባዕትዮ ዝያዳ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምንባብ ባህሪ ዘለዎም ክኾኑ እንከለዉ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ዝያዳ ናይ ምስማዕ ክእለት ኣለወን።

> ባናና ብተፈጥሮኡ ባህርያዊ ኬሚካል ትሕዝቶ ዘለዎ ፍሩታ እዩ። እዚ ኮይኑ ድማ፡ ንተመገብቱ ፍሉይ ሓጎስን ባህታን ንኽህልዎም ዝለዓለ ተራ ኣለዎ።

> ኣብ ሀይቲ ካብ ነፍሲ ወከፍ 200 ሰባት፡ ሓደ ሰብ ጥራይ ማኪና ይውንን።

> ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንፈለማ ግዜ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ዝተሰርሓሉ ከተማ ኣብ ቺካጎ ምኳኑ'ኸ ትፈልጡዶ?

> ኣዒንቲ ወዲ ሰብ ዲጂታላዊ ካሜራ እንተ ዝህልዎ ነይሩ፡ ክሳብ 570 ሜጋ ፒክሰል ክህልዎ ምኸኣለ።



> ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሓንቲ ወርሒ ብሰንበት ምስ ትጅምር፡ ኩሉ ግዜ ዕለት 13 ኣብ መዓልቲ ዓርቢ ትውዕል።

> ካብ ክልተ ቢልዮን ህዝቢ ሓደ ሰብ ጥራይ'ዩ ን1116ን ልዕሊኡን ዓመት ናይ ምንባር ተኽእሎ ዘለዎ።

## እተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት


ንትኹል

1. መተሓላለፊ፡ ባሕሪ ምስ ባሕሪ ዘራኽብ
2. ዘመናዊ ዘይኮነ
3. ስሙር፡ ወሀድ
4. ጥፍጣፍ፡ ልዛይ
6. ሴፍ
7. ምጉያይ ( ብእንግሊዝኛ)
8. መጸብቦ ወይ ሸጉሹግ (ብናይ ሹቕ ኣበሃህላ)
9. ዝኸበረ ተጻዋታይ ጋንታ ኣርሰናል
13. ኣሻኸ ዝፎጽሉ ተኽሊ
16. ሓደ ካብ ኤርትራውያን ናይ ደርፊ ገጠምቲ
17. ኣብ ዓውዲ ዝኾሰዕ ነገር
18. ውሕስነት
19. ሓንቲ ካብ ደርፍታት ቃልኣብ ተ/መድህን
24. ሃዋንታ
26. መጠው፡ ወፈያ
29. ጸጉሪ ናይ ኣንበሳ ወይ ፈረስ
30. ሓሳብ ኣቕረበ፡ ወጠነ
31. ጸባቕ፡ መልክዕ
32. ተዋስኦ፡ ድራማ፡ ሲነማ
34. ጭራሑ ዝዘርጋሕ ምልክዕ ዑፍ
35. ኣመና ዘይበዝሐ ኣመና ዘይውሓደ
36. ቆስበ፡ ዓትዓተ
40. ዘይከውን መመኸነይታ
42. ወጽኢት ላኻ ዝኾነ ስርሓት
43. ባህሊ፡ ልምዲ
44. ዓንዲ ሕቖ ዘጥቅዕ ተመሓላላፊ ሕማም
48. ዝበነ ገዛ
49. ምህሮ፡ ተመራማሪ፡ ፈላጥ
50. ኣብ ሞቕሎ/ እቶን ዝሰንከት
52. ጠፊኡ፡ ነፊጹ___ በለ
54. ሉባ ብዮዝምጣል

ንጋድም

1. ደረጃ፡ ኣሰላ
5. ባዕላ ሃሪማ ተእዊ
10. ምሂዝካ /ፈጢርካ/ ቦግ ኣቢልካ ምዝራብ
11. 2022 ግዚያዊ ኣሰልጣኒ ማን-ዩናይትድ ዝነበረ
12. ወርሒ ጾም ኣብ ምስልምና
13. ኣብ ከባቢ ሊባን እትርከብ ዓዲ (ብዮዝም.)
14. "ዊንታ" ንግጠልካ
15. ምስተኻሕኩሓ እንብሎ
17. ጹሓይ ብእንግሊዝኛ
20. ቻይና እትኽተሎ ስርዓት/ ሰልፊ
21. ናጻ
22. ዓይነት ማስተ
23. ሕንጻጽ
25. ደም እትጭግንዕ ህዋስ
27. ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ፈረንሳ እትርከብ ከተማ
29. መፈለጺ ዕንጸይቲ
30. ርድኢት፡ ኣፋፍኖት
33. መዛዘ፡ ሳዕቤን
35. ሕድገት ገበረ፡ ፈወሰ
37. ከም ንጋድም ቁ.43
38. ስውያ ዘረባ፡ ተምሳሌት
41. ምስልና እንርእየሉ
44. ንሳቶም ኣሰፊኑ፡ ንሳተን_____
45. ጽላል፡ ግድግዳ
46. ዓይነት ዓሳ
47. ኣብ ኤርትራ ካብ ዘለዋ ቤ/ትም ስነ-ኪነት
51. ቤ/ትም ቀይሕ ባሕሪ ኣብ 60ታት ዝነበረ ስማ
53. ንግሆ ብዓረብኛ (ብዮዝም.)
55. ባህላዊ መቐረቢ መኣዲ
56. ካብ ባህርያት ሎሚን
57. ተመርዐዩ (ብናይ ኣቦታትና ኣበሃህላ)

**ኣዳላዊ፡ ኣቤል ሳሙኤል - ደባርዋ**



# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ፈስቲቫል ‘ቻቫንግ ካት’

ቻቫንግ ካት ኣብ ሕብረተ ሰብ ቺክም ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዘጸምብል ፈስቲቫል እዩ። ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ወርሒ ሕዳር ድማ ይጅመር። ቻቫንግ ካት 3 ሽሕ ዕድመ ዘለዎ ፈስቲቫል እዩ። ኩሉ ቺን ማዞ ዝተባህሉ ቀቢላ ድማ ልዕሊ ካልኦት ብሄራትን ቀቢላታትን ብፍሉይ ይጸምብልዎን የብዕልዎን። ዕላማ እዚ ፈስቲቫል ኑቲ ምህርቲ ዘለዎም ኣምላኽ ንምምስጋን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዝበዓል።

ቻቫንግ ካት ክትርጎም ከሎ ድማ፡ ቻቫንግ ዝብል ቃል ቀውዒ ክኸውን ከሎ ካት ዝብል ቃል ድማ ምእካብ ምህርቲ ማለት እዩ። ናብ ኣምላኽዎም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ኣብ ሃገሮም ሰላም፡ ጥምረትን ሃብትን ክኸውን ናብ ኣምላኽዎም ትምኒቶም የዕርጉ።

ኣመጻጽኣን ኣጀማምራን ናይዚ ፈስቲቫል ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ ሓደ ካብቶም 12 ካህናት እስራኤል፡ ምናሴ ዝተባህለ ካህን ብሸነኽ ዚጋጠሞ ወራር ንቕድሚት ባሕሪ ሰጊሩ ክሰደድ ከሎ፡ ሰናይ ጉዕዞ ክኾኖ ብምምናይ ‘ካት’ ዝተባህለ ናይ ቀውዒ በዓል ከም ዘብዓለ ዝገልጽ ኣፋዊ ዛንታ ኣሎ። መበገሲ ናይ’ዚ ፈስቲቫል ድማ፡ እዚ ዛንታ ከም ዝኾነ ይንገር።

ቻቫንግ ካት ኣብ ሚዜፑር ካብ ዝዝከሩ ፈስቲቫላት እቲ ዝዓበየ እዩ። እዚ ፈስቲቫል ከመይ ክኸውን ኣለዎ ዝገልጹ ጽሑፋት ወይ ሕግታት እኳ እንተ ዘይሃለወ፡ ኩሎም ቀቢላታት እዚ ቦታ ኣናቶም ባህላዊ ሳዕስዒታት የቕርቡ። ናብዚ ፈስቲቫል ዝመጽእ ሰብ ኩሉ ንበዓሉ ዝገልጽ ባህላዊ ኣከዳድና ይገብር። እዚ ፈስቲቫል መንእሰያትን ዓበይትን ብማዕረ ዝሳተፍዎ ውዕወዕ ፈስቲቫል እዩ። ‘ካንምቶይ’ ዝበሃል ጸወታ ድማ ይጻወቱ። እዚ ጸወታ ብመንእሰያት ዝጽወት ኮይኑ፡ ንዝሓየለ መንእሰይ ዝምዝን ውድድር እዩ። ሓደ ካብቲ ጸቡቕ ነገር ናይ’ዚ ፈስቲቫል፡ ደቂ ኣንስትዮ’ውን ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ናይ ምስታፍ ዕድላት ዝወሃቦን ምኻኑ እዩ። ከምቲ ዝሓየለ ወዲ ተባዕታይ ዝምረጽ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ውድድር ቁንጅና የካይዱ።

ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘመናውን ስፖርት ይካየዱ። ካብ ሩዝ ዝተሰርሐ ኣልኮላዊ መስተ ድማ ይጉዓሩ።

ኣዳለውቲ እዚ ፈስቲቫል ‘ካት ማራቶን’ ብዝብል ስም ውድድር ጉያ ማራቶን ኣብ ከተማ ሞሬህ የዳልዉ። ቴማ ናይ’ዚ ውድድር፡ ‘ንጥምረትን ብዙሕነትን ጉየ’ ዝብል እዩ።




## ጽሉኣት ቊጽርታት

ቊጽሪ 13፦ እዛ ቍጽሪ ብደረጃ ዓለም ክርኣ ከሎ ብፍላይ ድማ ብኣመሪካውያን ኣዚያ ዝተጸልኣት ቍጽሪ እያ። ኣብ ህንጻታቶም ዝርከብ ደርቢ መበል 13 ደርቢ ዝበሃል የብሎምን፡ ነዛ ቁጽሪ ብምንጋር ድሕሪኡ ዘሎ ቍጽሪ ይጥቀሙ። ኣመሪካውያን መሃንድሳት ቍጽሪ ደርብታት ክገብሩ ከለዉ 12 ኢሎም 14 እዮም ዝብሉ። መበገሲ ጽልኣት ናይ ቍጽሪ 13 ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ 12 ኣማልኽቲ ተኣኪቦምሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ፡ ሓደ ዘይተዓደመ መበል 13 ጋሻ መጺኡ እሞ፡ ሓደ ካብቶም ኣቝዲሞም ተዓዲሞም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ብምምቱ፡ ብዙሕ ዕንወት መጺኡ ዝብል ጽንውጽዋይ ዝመስል ዛንታ እዩ።

13 ዓርቢ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት እንተወሓደ፡ ሓንሳብ ወይ ድማ ሰለስተ ግዜ ተጋጥም’ያ። ኣብ ጥንታዊት ሮማ፡ ቍጽሪ 13 ምስ ሰይጣን ይተኣሳሰር ነይሩ። ኤውሮጳውያን ንግዳያት ዝሓንቁሉ ገመድ 13 ግዜ ይፈትልዎ ነይሮም። ኣብ መበል 19 ዘመን ሎንዶናዊ ትካል ድሕነት ባሕሪ፡ ነተን ኣብዚ ዕለት’ዚ ዝጉዓዛ መራኽብ ድሕነት ይሀብ ኣይነበረን። ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ክሳብ ሎሚ ኣብ’ዚ ዕለት’ዚ መራኽቡ ኣየንቀሳቕስን እዩ።




ቍጽሪ 17፦ ኣብ ጥልያን ቁጽሪ 17 ዝተጸልአት ቍጽሪ እያ። ጥልያናውያን 17፡ xvII ገይሮም እዮም ዝጽሕፍዋ። እዚ፡ ብኸም’ዚ ዝስዕብ ምስ ዝጽምጠል xIvI ‘ኣነ ሕጂ ይመውት ኣለኹ’ ወይ ‘ህይወተይ ሕጂ ተባቒዑ ኣላ’ ኢሉ ይትርጎም። ብሰንኪ’ዚ ኣሉታዊ ርድኢት ድማ፡ ጥልያናውያን ቁጽሪ 17 ይፍርሑዋ።

ቁጽሪ 4፦ ሃገራት ቬትናም፡ ጃፓን፡ ኮርያን ቻይናን ነዛ ቍጽሪ ኣይፈትውዋን እዮም። ምኽንያት ናይዚ ክገልጹ ከለዉ፡ ኣርባዕተ ብናቶም ቋንቋ ክትድመጽ ከላ ‘ሞት’ ምስ ዝብል ቃል ስለ እትመሳሰል እያ። ከም ውጽኢት ናይዚ፡ ዝበዝሑ ኤሲያውያን ነዛ ቍጽሪ ኣብ ዋጋ ኣድራሻን ቍጽሪ ተሌፎናቶምን ኣይጥቀሙላን እዮም።

ቍጽሪ 39፦ ብመሰረት መጽሄት ‘ዘ ጋርድያን’ ኣብ 2011 ዘውጸኦቶ ጽሑፍ፡ ኣብ ኣፍጋኒስታን እታ ከተወግዳ ዘለካ ቍጽሪ 39 ምኻና ኣብ ጽሑፉ ኣስፊሩ። ናይዚ ምኽንያት ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሓደ ንደቂ ኣንስትዮ ኣመንዝራታት ዝኸውን ዝምልምል ዝነበረ ሰብኣይ ቍጽሪ ማኪናኡን ገዛኡን ቁጽሪ 39 ከም ዝነበረን ኣፍጋኒስታናውያን ድማ፡ ካብዚ ተበጊሶም ነዛ ቍጽሪ ከይጥቀሙላ ከም ዝሓንገዱ ይፍለጥ።

## ካብ ኣገባባት ጽምብላት መርዓ



ጽምብላት መርዓ ካብ ካልኦት ጽምብላት ፍልይ ዝበለ ኣገባባት ኣለዎም። ሎሚ እዞም ኣገባባት ኣብ መላእ ዓለም ኣስፋሕፊሖም ይርከቡ። ገለ ካብኦም ንምጥቃሱ፦

1. **መርዓውን መርዓትን ቅድሚ ጽምብል ንሓድሕዶም ኣይርኣአዩን እዮም፦** ኣብ ባህላዊ መርዓ ኣመሪካ ኣብ መዓልቲ ጽምብል መርዓኦም መጻምድቲ ንሓድሕዶም ገጽ ንገጽ ኣይረኣአዩን እዮም። መበገሲ ናይዚ ባህሊ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ከም ክብሪ ሃብቲ ይረኣያ ብምንባረን ንግዚኡ ተሓቢአን ክጸንሓ ይግበር ከም ዝነበረ ይዝንቶ። ሎሚ ዝ ባህሊ ስለምንታይ ብዙሓት መጻምዲ ይመርጽዎ ምህላዎም ይንገር እዩ። መርዓውቲ ንመጻምደን ጸቢቐን ብምጽናሕ ኣብታ ናይ መውዳእታ ሰዓት ጥራይ ንመርዓዊአን ክርእይኦ ከም ዝደልያ ይገልጻ።

2. **ካትም ምግባር፦** ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ተሓጺያ ምስ እትሰምዕ ቀዳማይ ክትርእዮ እትደሊ ነገር ኣጻብዕታ ምርኣይ እዩ። ብፍላይ ኣብ ኣመንቲ ክርስትና ካትም ከም ሓደ ኣገዳሲ ነገር እዩ ዝውሰድ።

3. **ፍዮሪ ኣብ ኢድ መርዓት፦** ሎሚ ሓደ ካብቲ ልሙድ፡ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ግዜ መርዓኣ ኣብ ኢዳ እትሕዞ ነገር፡ ፍዮሪ እዩ። ኣብ ጥንታውያን ሮማን ግሪኽን፡ መርዓት ከምዚ ሎሚ ፍዮሪ ወይ ዕንባባ ዘይኮነ ቀይሕን ጻዕዳን ሽጉርቲ ኣብ ኢዳ ከምትሕዝ ይግበር ነበረ። ዕላማ ናይ’ዚ ድማ ኑቶም ክፉኣት መናፍስቲ ንምህዳም ዝብል ነበረ። ፍዮሪ ምሓዝ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን እዩ ተጀሚሩ።

4. **መጋረጃ፦** ኣብ ባህላውያን መርዓታት፡ መርዓት ኣብ ርእሳ መጋረጃ ትገብር ነበረት። እዚ ድማ ዝተፈላለየ ትርጉም ነሮ። ንታ መርዓት ብጨርቂ ገይርካ ርእሳን ገጻን ምሽፋን ካብ ክፉኣት መናፍስቲ ንምሕባእ ዝብል ነበረ። ኣብ ካልእ ድማ፡ እቲ መጋረጃ፡ መርዓት ብኻልኦት ደቂ-ተባዕትዮ ከይትርአ ዝብል ዕላማ ነበሮ።

5. ምቁር ሕብስቲ፦ ሎሚ ኣብ ኩሉ መርዓ ዝኮየደሉ ቦታታትን ሃይማኖታትን ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ዘሎ ምቑራስ ምቁር ሕብስቲ እዩ። እዞም መርዓውቲ ብሓንሳብ ኮይኖም ምቁር ሕብስቲ ወይ ቶርታ ይቘርስዋ። ካብ ሓንቲ ብያቲ ድማ ይኸፍልሳ። ዕላማ ናይ’ዚ፡ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ህይወት ከም ዘይፈላለዩን ንሓድሕዶም ዘለዎም ፍቕሪ ንምግላጽን እዩ። ኣብ 18 ዘመን ናይ መርዓ ቶርታታት ዚያዳ ተፈላጥነት ክረኽባ ከኣሉን ኣብ መላእ ዓለም ተዘርግሐን።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09፡05 | ድራማ |
| 09፡30 | ፊያቶና |
| 10፡10 | ፓኖራማ |
| 11፡00 | ማእገር |
| 13፡00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 13፡45 | ቀስተ ደሕሰት |
| 14፡00 | ሞዚቃ |
| 16፡30 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17፡30 | ስርሒት ባረንቱ 1985 |
| 18፡05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 18፡40 | መደብ ህርመት |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | እትመት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ወድድር ሓረሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ደርፊ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22፡40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | ድራማ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዕላል ጥበባት |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ሃለዉ ደባይዋ |
| 15፡40 | ባህላዊ ምርኢት ቅዱስ የውሃንስ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፊ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡40 | ደረት ቃና |
| 19፡10 | ሳይዳ |
| 18፡30 | ሃለው ቀልዑ |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡13 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡30 | ማህደር |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ደርፊ |
| 22፡30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22፡40 | ሃገራዊ መዝሙር |

## ዝነውሑ ቢንቶታት ዓለም

1. ዳንያንግ ኩንሻን ግራንድ፦ እዚ ቢንቶ’ዚ ካብ ዓለም ብነውሓቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ኮይኑ ኣብ ቻይና ይርከብ። ኣብ 2010 ድሕሪ ምዝዛሙ ሓደ ዓመት ጸኒሑ ድማ፡ ንኣገልግሎት ክውዕል ጀሚሩ። ቁመት ናይ’ዚ ቢንቶ ከባቢ 163 ኪሎ ሜተር ኮይኑ፡ ካብ ከተማ ሻንጋይ ናብ ከተማ ናንጂንግ ይዝርጋሕ። እዚ ቢንቶ ክስራሕ 4 ዓመት ወሲዱ፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ሰባት ድማ ኣብ ምስራሕ እዚ ቢንቶ ተሳቲፎም።

2. ቻንገዋ-ካህሲዩንግ ቪያዳክት - ቻይና፦ ካልኣይ ዝዓበየ ቢንቶ ኮይኑ፡ ኣካል ናይቲ ዓቢ መገዲ ባቡር ታይዋን እዩ። ቁመት ናይ’ዚ ቢንቶ 157 ኪሎ ሜተር ኮይኑ፡ ካብ ጣንጉሻን ናብ ዘዩንግ ይዝርጋሕ። ኣብ 2007 ተዛዚሙ ንስራሕ ድሉው ኮይኑ። ፍሉይነት ናይዚ ቢንቶ፡ ንምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝጻወር ኮይኑ እዩ ተሰሪሑ። ነተን ኣብ ግዜ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝሓልፋ ባቡራት ብሰላም ከም ዝሓልፋ ብምግባር፡ ድሕሪ እቲ ፍጻመ ድማ ብቐሊል ኣገባብ ዝዕረ እዩ።

3. ትያንጂን ግራንድ - ቻይና፦ 112 ኪሎ ሜተር ቁመት ዘለዎ ቢንቶ ትያንጂንግ ድሕሪ ናይ 4 ዓመት ግዜ ምስራሕ ኣብ 2010 እዩ ተዛዚሙ። እዚ ቢንቶ ወላ’ኳ ሰሓቢ ትርኢት እንተ ዘይሃለዎ፡ ቅዲ ኣሰራርሓኡ ግና ፍልይ ዝበለ እዩ። ኣብ ውሑድ ርሕቀት ብጅምላ ዝተሰርሐ ቅርጺ ጥራይ ዘለዎ ኣእማን ኣለዎ።



### ምህዞታትን መሃዝቶምን

- **ሓታሚት ማሽን** - ጀርመናዊ የሃንስ ጉተንበርግ
- **ነፋሪት** - ኣመሪካውያን ኣሕዋት ዊልበር ራይትን ኦሊቨር ራይትን
- **ሰዓት ኢድ** - ጀርመናዊ ፒተር ሄንሊይን
- **ብሽክሊታ** - ጀርመናዊ ካርል ፍሪደሪክ
- **ቴለፎን** - ስኮትላንዳዊ ኣሌክሳንደር ግርሃም በል
- **ኩዕሶ ሰከይት** - ካናዳዊ ጄምስ ናይስሚዝ
- **ክራባታ** - ኣመሪካዊ ጆሰ ናንግሸዶርፍ
- **ኮካ ኮላ** - ኣመሪካዊ ዶክተር ጆን ስቲዝ ፐምበርቶን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Senior Sectional Surveyor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

- **Primary Purpose**
- • **To supervise the carrying out of survey duties on surface and underground at defined locations**
- • **To provide survey services in a defined section of the mine.**
- **TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**
- **Safety**
- **Develop and implement underground surveying procedures**
- **Empower zero harm policy within the section**
- **Provision of timely survey services**
- **Supervises and organizes work in own section, allocates job priorities and effects 'Check Surveys' from time to time**
- **Development of subordinates**
- **Carries out general surveys on surface and/or underground for the direction and grade control of main levels, major developments and main incline developments including drains, shafts, setting out of roads, etc.**
- **Observation of statutory and departmental requirements**
- **Carries out modifications of mining layouts as required by prevailing ground conditions.**
- **Provision of Survey data(sketches)**
- **Checks and correlates surveyors' monthly reports relating to development, mining and production and provides mining and/or construction information and working plans to the various departments (e.g. Geology and Mining) requesting/survey work.**
- **Company cost (ensuring good mining)**
- **Ensures that own crew carries out duties as delegated smoothly, and that equipment are kept clean and tidy**
- **Sectional cost Control**
- **Prepares survey technical data input into the micro - computer and ensures accurate data output of survey reports.**
- **Health, Safety and Environment**
- **Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.**
- **Additional Duties**
- **Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair**
- **Unique requirements / other information**
- **The candidate must be Physically and Medically fit.**

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Diploma in Surveying.<br>• Specialized training in underground mining design layouts and planning techniques-added advantage. | • Must have vast knowledge about surveying.<br>• 7 years working experience in underground hard rock mining<br>• Knowledge of interpreting plan, design, schedule, control, and direct workloads involving surveying and design layouts of underground mine |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy( Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point), Ability to operate computers with new software (Deswik, Surpac, etc), Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving, Technical Report writing. | Good oral and written communication skills, Ability to work in multi-disciplinary environment, Ability to conduct Engineering matters to various levels, Ability to work under pressure and achieve project milestones, Self-starter, drive, and enthusiasm, Passion for accuracy and perfection in delivery, Excellent leadership skills. |

**Position: Senior Occupational Health and Safety Officer**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

- **Primary Purpose**
- **Responsible for the development, implementation, and continuous improvement of health and safety programs that support Bisha Underground Operations.**
- **TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**
- **Development, implementation, and continuous improvement of health and safety programs**
- **Promote activities designed to maintain and to improve health and safety throughout the operation**
- **Ensure workplace practices comply with state and company standards**
- **Lead the development and implementation of health and safety objectives, processes, programs, and initiatives across the sites.**

**Administrations**

- Occupational health and safety management documentation.
- Compilation of Occupational health and safety reports, attend meetings as required.

**Budgeting**

- Financial tracking of all Occupational health and safety, budgets, and capital expenditure
- Analyses budget variances and ensures corrective plans are implemented to ensure that overall budget is within limit

**Report Writing**

- Generate weekly and monthly reports;
- Generate Yearly reports;

**<u>Unique requirements / other information</u>**

- The incumbent must have experience in underground Occupational health and safety.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Diploma in Occupational Health and Safety or Applied Sciences<br>• Relevant safety technical, managerial, and financial knowledge. | • Minimum 7 years of related experience in the management of a safety team<br>• Mining industry experience in hard rock underground mining<br>• Occupational health & safety instructor (underground); experienced in developing and conducting health & safety training. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced; MS project – Advanced), Applied knowledge of relevant OSHA, MSHA, state and other regulatory requirements, as well-as industry standards and practices, Strategic planning, Budgeting, Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving. | Communication, Ability to work in multi-disciplinary environment, interpersonal skills, Ability to work under pressure and achieve project milestones, good leadership skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1.Position: Air Condition Technician
### Department: Engineering Services/ Owner Construction
### Number Required: One (01)

- Primary Purpose
- Perform services and repairs to air-conditioners and aqua cooles ensuring optimal availability and performance of all such air conditioning equipment.
- Essential Functions
- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures the installation and maintenance and repairs of all Air Conditioner Units/refrigeration plants are carried out in an efficient and effective way to minimize downtime. (Sketches, operation manuals, manufacturer's instructions, and engineering specifications. Troubleshooting malfunctions.)
- Ensures good housekeeping.
- Performs regular inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Assist with parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.
- Attends "Toolbox meetings" daily,Reports progress of jobs to Crew Leader.
- Unique requirements / other information
- Candidate must be physically medically fit
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments,Must be able to work at Heights
- Eritrean Driver's License Minimum Code 2 will be an advantage
- Candidate must be electrically qualified to work with voltages up to 380 Vac 3 Phase.
- Qualifications:
- Technical School or Grade 12
- Knowledge and Experience:
- 5 Years relevant practical experience in maintenance and installation of air con systems.
- Eligible for BMSC certification as a L3 Artisan.
- Required Eritrean nationally recognized certification as an air con technician.
- Highly desirable (but not required) Eritrean nationally recognized certification as an Electrician Technician.
- Highly desirable (but not required) Eritrean drivers license (minimum code 2).
- Technical and behavioral Skills
- Computer Literacy(MS Office-Intermediate),Air Conditioning Installation and maintenance experience
- Electrical Experience; Problem solving Communication (English); Integrity; Prioritizing skills & multiskilling
- Understanding and practical ability to safety handle and operate gases
- Ability to work towards strict deadlines; High level of accuracy; Self-motivation
- 
- 2.Position: Information Technology Support Officer
- Department: FITS/IT
- Number Required: (01)
- Primary Purpose
- The primary purpose of an IT Support Officer is to provide technical assistance and support to users and organizations in maintaining and troubleshooting the IT systems, software, hardware, and network infrastructure. Also has to ensure that technology resources are functioning effectively to meet business needs and user requirements.
- Essential Functions
- User Support: Assist users with technical issues, troubleshooting problems, and providing solutions to ensure seamless usage of IT resources.
- Hardware and Software Maintenance: Perform routine maintenance tasks, updates, installations, and configurations for computer systems, devices, and software applications.
- Network Troubleshooting: Identify and resolve network-related issues, connectivity problems, and access concerns to maintain a stable network environment.
- Security Management: Implement security measures, antivirus updates, and access controls to protect systems and data from potential threats.
- Documentation: Maintain accurate records of technical issues, solutions, and configurations for future reference and analysis.
- Remote Support: Provide remote assistance to users facing IT challenges, offering solutions through phone, email, or remote desktop tools.
- System Upgrades: Assist in upgrading hardware, software, and network components to enhance system performance and capabilities.

**Unique Requirements**

- Technical Proficiency: Strong knowledge of hardware, software, operating systems, and networking protocols.
- Problem-Solving Skills: Ability to diagnose issues, analyze root causes, and devise effective solutions on time.
- Communication Skills: Excellent communication skills to interact with users, explain technical concepts, and provide clear instructions.
- Customer Service: A customer-oriented approach to ensure user satisfaction and effective problem resolution.
- Adaptability: Willingness to learn and adapt to new technologies and evolving IT trends.
- Time Management: Efficiently prioritize tasks and manage time to address multiple support requests.
- Data Security Awareness: Understanding of data privacy and security protocols to safeguard sensitive information.
- Candidate must be medically and physically fit.

**Qualifications:**

- Diploma or Degree in Computer related fields.
- IT related certifications with 2 years of experience, or 4 years of experience in related field (IT Customer service's).

**Knowledge and Experience:**

- Strong Knowledge of Windows Desktop Operating Systems (Windows XP & Windows 7,8,10 pro)
- Strong Knowledge of Microsoft Office 2010 and Office 2013
- Knowledge of Computer Networks, TCP/IP
- Knowledge with Active Directory Domain Services (ADDS), DHCP, DNS and Group policy.
- Knowledge of Computer Security and centralized antivirus system
- Basic knowledge of Microsoft Exchange messaging system
- Exceptional written and oral communication skills.
- Interpersonal skills, with a focus on listening and questioning skills.
- Ability to conduct research into a wide range of computing issues as required.
- Ability to absorb and retain information quickly.
- Proven analytical and problem-solving abilities.
- Serve as the first point of contact for customers seeking technical assistance over the phone or email.
- Perform remote troubleshooting through diagnostic techniques and pertinent questions.
- Determine the best solution based on the issue and details provided by customers.
- Provide accurate information on IT products or services.
- Follow-up and update customer status and information.

**Technical and Behavioural Skills**

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Microsoft Windows OS and Office. Email Systems eg. Microsoft Exchange | Excellent Verbal and Written communications skills |
| Active Directory, Desktop, laptop and printer hardware maintenance | Ability to work under pressure |
| Wired and Wiress Networking | Strong people management skills. |
| Ability to write short reports and recommendations based on sound technical understanding and logic. | Strong command of English language. |
| Enterprise Print Management | prioritise work effectively. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence** of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to:-
- Bisha Mining Share Company,
- P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
- Please send a copy of your application to
- Aliens Employment permits Affairs,
- P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Underground Senior HME Foreman**
   **Department: Mining**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**
- To manage the Mobile Equipment Maintenance function at Asheli Mine Site, to ensure that the diverse maintenance and repair services provided are safe and adequate to enable the mine site to meet the operational short term and long-term production requirements.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**
**Safety targets achieved.**
- Maintenance of safe working environment.

**SOP requirement achieved**
- Provision of service and mobile equipment maintenance, as well as planning, implementing, co-ordinating and tracking engineering standards and maintenance system procedures and practices to ensure that services, plant, and equipment are provided and maintained at high levels of availability and reliability.

**Production Targets met (Costs maintained within budget)**
- Operating budget preparation and control as well as short, medium, and long-term Capital Project formulation and control including origination, design, and implementation within budgeted costs.

**Manpower development achieved**
- Train, develop and motivate subordinates towards their full potential to ensure the continued availability of competent engineering personnel.

**Health, Safety and Environment**
- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.

**Reporting**
- Reports directly to Engineering Manager

**Additional Duties**
- Carry out any other work-related duties as assigned by superiors.

**Unique requirements / other information**
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Minimum of bachelor's degree in mechanical engineering or equivalent.<br>• Further qualification in Finance/Business Management would be an advantage. | • 10 years extensive experience in various types of underground mining mobile equipment maintenance<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable particularly in Africa. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point).<br>Strategic planning, Project planning, Budgeting, Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving, Technical Report writing | Excellent Communication (English), Ability to work in multi-disciplinary environment, Ability to conduct Engineering matters to various levels, Ability to work under pressure and achieve project milestones, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed, Advanced supervisory qualities. |

**Position: Senior Geotechnical Engineer**
**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**
- Manage all ground control functions to provide a safe working environment – ensure that mining operations are geomechanically reliable, provide mine management with technical advice on effective ground control practices, and enforce legal compliance with mining regulation and domestic standards

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Mine Geotechnical Designs**
- Ensure timely implementation of geotechnical designs and recommendations with cooperation of mine operations
- Maintain a safe working environment from a geotechnical perspective to ensure sustained production and adherence to statutory and domestic regulations
- Maintain the Ground Control Management system through regular internal audits and reviews of the ground control standards
- Maintain a cost-effective ground control system through optimizing geotechnical/mine designs

**Administrations**
- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department
- Compilation of Project reports, attend meetings as required.

**Budgeting**
- Prepare annual budget for respective department
- Control of operation expenditure within approved budget for respective department

**Mine Engineering**
- Development, evaluation and reviewing of mine designs and production scheduling with other departments
- Development, review, monitoring, and management of the execution plan with the other departments

**Report Writing**
- Generate weekly and monthly reports as required by production officials

**Unique requirements / other information**
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor of Engineering in Mining Engineering (Rock Mechanics)<br>• Qualification in Business Administration / Project Management is an added advantage. | • Minimum of 10 years' experience in the mining industry.<br>• 7+ years geotechnical work experience in hard rock underground mining<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable particularly in Africa. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Competent in geotechnical modelling software, i.e., Map3D, RS2, Dips, Unwedge), Strategic planning, Project planning, Budgeting, Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving. | Communications, Ability to work in multi-disciplinary environment, Ability to conduct Engineering matters to various levels, Interpersonal skills, Ability to work under pressure and achieve project milestones & Good leadership skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Shift Supervisor**
   **Department: Mining**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To assist in organizing and supervising the shift operations concerning mechanized drilling, lashing, and tramming of ore to ensure safe attainment of set targets.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Accountable for delivering individual and team production targets and coaching/mentoring of team. Contribute as a member of a committed, mine production operations and all other related.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**To ensure that set targets are achieved**

- Organize and supervise blasting, lashing, and tramming of ore/ waste underground.
- Instruct Section Boss on work to be carried out to meet production targets

**To prevent injury to personnel and safeguard company property.**

- Ensure that subordinates/self-observe established safety regulations and procedures during work.
- Provide safety training to subordinate and safety campaign to all worker

**To enhance their performance**

- Actively develop training and development of subordinates engaged in blasting, lashing and tramming operations underground

**To meet statutory requirements**

- Log shift operations

**To ensure effective and efficient completion of task**

- Supervise rock breaking crews on continuous shift operations
- Enforce discipline on employees.

**To provide information for attention/decision making**

- Frequently inform superior concerning irregularities encountered during the shift

**Health, Safety and Environment**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma in mining Engineering or equivalent<br>• Blasting certificate<br>• Valid First Aid Certificate<br>• Supervisor training certificate<br>• Experience in underground Hardrock mining is essential & Valid driving license.<br>• Valid First Aid Certificate. | • 3 years progression through lower ranks.<br>• 5 years typical experience following qualification.<br>• Knowledge of blasting operation techniques. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| Supervisory skills-ability to organize and co-ordinate including good liaison with other departments, Basic Computer Literacy, Good English written, verbal and organisational skills, Ability to lead a team, Excellent hazard awareness, Strong Supervisory Skill and ability to lead a team, Valid First Aid Certificate. | Highly organized with the ability to work independently and under pressure, Organisational skill with Ability to work under pressure, Problem solving and analytical skills, Interpersonal skills, Strong communication skills, Commitment to safe work practices, Self-motivated, Acting in sense of urgency, Accountable personality, Safety oriented, Attentive to accuracy. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ዞባ 03፡ ምም 03፡ ጎደና ብደሆ 171፡ ቁ.ገዛ 12፡ ስፍሓቱ 235ት/ሜተር ዝኾነ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 123647 መወከሲ ቑጽሪ 118267 ጠቕላላ ቑጽሪ መዝገብ 21785፡29992 ብስም ኣቶ ሚካኤል ኣብርሃ ጣሰው 2. ተኽስተ ኣብርሃ ጣሰው ዝተመዝገበ ወለድና ካብዚ ዓለም ብሞት ስለዝተፈለዩ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ይቕረብ።

የዲት ሚካኤል ኣብርሃ

ኣነ ህንጻ ሓጎስ ጺጋይ ዝተበሃልኩ፡ ኑቲ ብቑጽሪ ንግዲ ፍቓድ ASL00037488 ብቑጽሪ መዝገብ ASR00035118፡ ብቑጽሪ ንጥፈት GB2 ብስም ፍካ ሚካኤል ህያብ ዝተመዝገበ ንግዲ ፍቓድ፡ ብናይ ዕለት 01/02/2018 ውዕል ብውህብቶ ተረኪበዮ ኣብ ኢደይ ደርኩብ ምህላው እናኣረጋገጽኩ፣ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤ/ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ስም ንግዲ ፍቓድ ክፈጽም ምዃነይ ኣፍልጥ።

ህንጻ ሓጎስ ጺጋይ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል
## ኣብ ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ መኸተ ገፊሕ ዓወት ኣመዝጊባ



ኣብ ከረን ዝሰላሰል ዘሎ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ትማሊን ቅድሚ ትማሊን ብዝተፈላለየ ውድድር ቀጺሉ ነይሩ።

ትማሊ ኣብ ዝበረ ጸወታ ኲዕሶ መርበብ፡ ፊሎማ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ንስሪን ብደሆን ተፋሊመን፡ ንስሪ 2ብ1 ተዓዊታ። ኣብል እዛ ጋንታ መርሃዊት ኣብርሃም ከኣ፡ ሱላቢ ምንቅስቓስ ብምርኣያ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ። ተጻዋቲት ብድሆ ሳሮን ሓድጉ'ውን ብልጽቲ ተባሂላ።

ስዒብን ዓምበርበበን ሓረናን ካብ ፊሎማኣ ሱላቢ ዝበረ ጸወታ ኣርእየን። ሓረናውያን ከኣ 2ብ1 ተዓዊተን። ተጻወትቲ ሓረናን ዓምበርበበን ዝኾና ሊባኖስ መኮንንን የሩና መልኣከን ድማ ብልጻት ተጸዊዐን።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታ ብድሆ ንንስሪ 3ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ሓረና ከኣ፡ ንዓምበርበበ 3ብ1 ኣሰኒፋታ። በዓል ውዕሎት ሓረናን ዝኾነ ኣምባሳደር ጎይትኦም ብሉጽ ምንቅስቓስ ከርኢ እንከሎ፡ ተኸላኻሊ ዓምበርበበ ዝኾነ ኣቤል ኣብርሃም ከኣ፡ ከዕሶ ኣብ ምምላስ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

እዚ ውድድር፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ከኣልተ ግጥማት ከዕሶ ደቂ-ተባዕትዮ ኣካይዱ እዩ። ጸወታ መኸተን ንስሪን ከኣ ቀዲማ ተኻይዱ። መኸተ፡ ኣብ ሻመኣይቲ ደቒቕ ብመንገዲ ሰረቐ መብራህቱ ሸቶ ብምርካብ መሪሕነት ሒዙ። በዚ ደው ዘይበለት እዛ ጋንታ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ካብ የናታን ተኸስተ ካልኣይቲ ሸቶ፡ ደጊማ ኣብ 26ን 30ን ደቓይቕ ድማ ካብ ሰረቐ መብራህቱ ክልተ ሸቶታት ወሲኻ ንዕረፍቲ 4ብ0 ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ዓጋቲ ዘይረኸበት መኸተ፡ ብተኸታታሊ መበል 48 ደቒቕ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ ካብ የናታን ተኸስተ፡ ኣብ መበል 63፡ 75ን 89ን ደቓይቕ ከኣ ካብ ሰም ተከኣ ሸቶታት ብምርካብ ብገፊሕ 8ብ0 ጸብሊል ኢላ። ሰረቐ መብራህቱ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሰምዩ።

ቀጺለን በፈርን ሸዕላን ተጋጢመን። ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ እዘን ጋንታታት፡ ክንደ ፈተና ዝተመዛዘበ ሸቶ ከይተራእየ ንዕረፍቲ ኣምሪሑ። ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ሸቶ ኣይተመዝገበ ጸወታ 0ብ0 ተዛዚሙ። ኣብል በፈር ኢርምያስ ዑቕባሚካኤል ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ዛ ጸወታ ምጻዋዑ ጸብጻብት እቲ ውድድር የረድእ።

## ቤክሃም፡ ንማጓዌር ይድግፍ

ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝበረ ደቪድ በክሃም፡ ኑቲ ኣብ ናይ ምሕዛኡ ጸወታ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ድሕሪ ምቕጻሩ ብዝተፈላለዩ ወገናት ግዳይ ነቐፌታ ኮይኑ ዘሎ ሃሪ ማጓዌር ዝድግፍ መልእኽቲ ሰዲዱ።

ማጓዌር፡ ኣብ'ቲ እንግሊዝ ንስኮትላንድ 3ብ1 ዝሰዓረትሉ ጸወታ ናብ ልዳት ሸቶ ድሕሪ ምቕጻሩ እዩ ዛጊት መኣትዒ ዛዕባ ኮይኑ ዝርከብ። ክንዮ መኣትዒ ከኣ ካብ ዝተፈላለየ ተንተንቲ ማዕበናት ዜናን ደገፍቲን



ብሓያል ነቐፌታ ተገሪፉ እዩ።

ኣዲኡ፡ ኣሰልጣኒኡን ገለ ወሰናት ተንተንቲን ግን ኣብ ጎድኑ ደው ኢሎም ኣለዉ። ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ሳን ከኣ፡ በክሃም፡ ትማሊ ኑቲ ተኸላኻሊ ዝድግፍ መልእኽቲ ሰዲዱ። በክሃም፡ ንማጓዌር ርእሱ ከቐንዕ ነገርዎ ዝበሉት እዛ ምንጪ፡ "እዚ ዝመጽእ ዘሎ ኣሉታዊ ነገራት ከይተገደሰ ክሓልፎ ተማሕጺንዎ" ትብል።

ብዘይካ'ዚ፡ እዛ ምንጪ፡ ካብ በዓል በክሃም ዝኣመሰሉ ሰባት መልእኽቲ ክመጽኦ ሞራልካ ሓፍ ዘብል ምኻኑ ብምግላጽ፡ በክሃም፡ ንባዕሉ ብኸምዚ ተመኩሮ ከምዝሓለፈ ንድሕራት ተመሊሳ ትዝክር። በክሃም፡ ኣብ'ቲ ፈረንሳ ዘኣንገደቶ ዋንጫ ዓለም 1998፡ ኣብ ዙር 16 ኣንጻር ኣርጀንቲና ብቐይሕ ካርድ ብምብራሩ፡ ብደገፍቲ ክሽደድን ክሳብ ናይ ሞት ምፍርራሕ ከምዝመጾን ታሪኽ የዘንቱ። ቅድሚ በክሃም ምብራሩ 2ብ1 ትመርሕ ዝበረት እንግሊዝ፡ ብፍጹም ቅላዕ ተረቲዓ እያ ተገሊፉ።

## ቴሪ፡ ንምባፐ ተሓሊቑሉ

ኣረጋ ኣብ ምጣር ከምዝይምርኮብ ገሊጹ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ክለብ ኣርሰናል ቴሪ ሄንሪ፡ ፈረንሳዊ ከይላን ምባፐ ኣብ'ዛ ክረምቲ ካብ ፒኤስጂ ከምዝወጽእ ኣሚኑ ምንባሩ ተዛሪቡ።

ምባፐ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ምስ ጋንታኡ ዘሎዎ ኣብ ሰ 2024 ዝበቅዕ ውዕል ከምዘይሐድሶ ብምግላጹ፡ ነታ ጋንታ ሰሊሎ ኣእትዩላ እዩ። ሓዲሽ ውዕል ክፍርም ትጸብ.ት ዝበራ ፒኤስጂ ከኣ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ብናጻ ክትኸስሮ ድሌታ ብዘይምሻኑ፡ ኣብ'ዛ ቅድሚ ሰሙናት ዝተዓጸወት መስኮት ምስግጋር ብሓይሊ ክትሸጦ ፈቲና ነይራ። ይኹን እምበር፡ ምባፐ፡ ውዕሉ ከምዘይሐድስ እምበር፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ክወጽእ ድሌት ከምዘይብሉ ብምግላጹ፡ ምስ ሰበ ስልጣን ናይ'ዚ ክለብ ክሰማምዕ ኣይከኣለን።

ሰሪዚ ጉዳይ፡ ፒኤስጂ፡ ኣብ'ቲ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብምኻድ እተካይዶ ዝበረ ናይ ቅድም ልምምድ ኣይተማልኣቶን። እንተኾነ፡ ቅድሚ ምጅማር እዛ ዓመት ስፖርት ንውዕሉ ከኽብር እያ ዝበለ ምባፐ፡ ሚልያን ለቢሱ ኣብ ምጽዋት ይርከብ።

ሄንሪ፡ ብዛዕባ'ዚ ተጻዋታይን ጉዳዩን ምስ ኣርኤምሲ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ዝበረ ቃለመሕተት ከኣ፡ ምጣር ዝኾነ ጌጋ ከምዝይገበረ ተዛሪቡ። "ክወጽእ ኣብ ዝበሮ እዋን ንኽልተ ዓመታት ውዕል ኣናዊሑ። ኹ ኸኣ ኣያእለለን ዘሎ። ውዕሉ ክኽብር ማለል ኣሎዎ ዲዩ? እወ፤" ዝበለ እዚ ፈረንሳ "ሓንቲ ጋንታ ክትወጽእ ትደልየካ እንተሃልያ ንሰኻ ከኣ ውዕልኻ ክተኽብር እንተደሊኻ - ክትወጽእ እዩ ዘሎ። ኣነ ከይተረፍኩ ክሽይድ ምኽንያት እያ ኣሚነ ነይረ። ብዘኾነ ምባፐ፡ ንፒኤስጂ ይኹን ንደቂ ጋንታኡ ኣኽብሮት ኣጉዲሉ ኣይፈልጥን።" ክብል ተሓሊቑሉ።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓለሚ ፒኤስጂ ሉዊስ ኣረጋ፡ ጋንታኡ ሸቶ ምቑጻር ኣብ ምጣር ጥራይ ከምዘይትምርኮስ ተዛሪቡ። ድሕሪት ዓርቢ ምሸት ብሊስ ምኽዩራ ንዝቐረበሉ ሕቶ ኣብ ዝመለሰሉ ኣጋጣሚ፡ "ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ዘለዉ ተጻወትቲ ሸቶ ክመዝግቡላ ዝኽእሉ ጋንታ እያ ዘሎትና። ምጣር፡ ወትሩ ከመዝግብ እዩ፡ ምኽንያቱ ሸቶ ምቑጻር ኣብ ደሙ ተወሃሂዱ እዩ። እንተኾነ፡ ካልኦት'ውን ከመዝግቡ እዮም።" ክብል፡ ኣብ'ታ ምሸት ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ስዕረት ዝቐመሰ - ኣረጋ።

ፒኤስጂ፡ ኣብ'ዛ ኣብ ሜዳኣ ዘየደታ ጸወታ ካብ ምጣር ክልተ ሸቶታት ረኺባ - 3ብ2 ግና ተሳዒራ እያ። ኣብ'ዛ ወቕቲ ወርትግ መዛርቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ዝበረ ምጣር ከኣ ድሮ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ሸውዓተ ሸቶታት ብምቑጻር ኣብ ቅድሚት ይርከብ። እዛ ፓሪሳዊት ክለብ፡ ድሕሪ ጸባሕ ሰሉስ ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ቦሩሽያ ዶርቱመንድ ፋልማይ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክህልዋ እዩ።


## ኬን . . .

እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ኬን፡ ዓርቢ ምሸት ኣብ ዝበረቶ ጸወታ ሓንቲ ሸቶ ብምቑጻሩ፡ መበል 300 ናይ ክለብ ሸቶኡ ጸምቢሉ።

ኣብ'ታ ምሸት መበል 505 ናይ ክለብ ጸወታኡ ዘዕዩደ ኬን፡ ኣቐዲሙ 280 ሸቶታት ብቶግልያ ቶተንሃም እዩ ኣመዝጊቡዎ። እዚ ፍርያት ኣካዳሚ ቶተንሃም ዝኾነ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ'ተን ብልቓሕ ዝተጻወተለን ክለባት ከኣ፡ ንሚልዋል ትሽዓተ ሸቶታት፡ ንሊይቶን ሓሙሽተ፡ ንሌስተር ክልተ ሸቶታት ብድምር - 16 ሸቶታት ኣቑጺሩለን።

ናብ ቡንደስሊጋ ኣብ'ዛ ወቕቲ ድሕሪ ምስግጋሩ ከኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ጥራይ ተጻዊቱላ ዘሎ ጀርመናዊት ክለቡ ድሮ ኣርባዕተ ሸቶታት ስለዘመዝገበላ - ድምር ናይ ክለብ ሸቶታቱ 300 ክበጽሕ ክኢሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኬን ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣርባዕተ ቀዳሞት ግጥማት ቡንደስሊጋ ኣርባዕተ ሸቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ ሙኒክ ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ 2007 ክሎዘ ዝሰርሖ ታሪኽ።

ሙኒክ፡ ንባየር ለቨርኩሰን ዓዲማ እያ ተጻዊታ። ኣብ ሻውዓይቲ ደቒቕ ካብ ኬን ኣብ 86 ደቒቕ ካብ ጎረትዝካ ሸቶታት ብምቑጻር ድማ፡ ክሳብ 94 ደቒቕ መሪሓ ኣፈፌት ዓወት በጺሓ ነይራ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ዝተመዝገበቶ ፍጹም ቅላዕ ነጥቢ ተማቒላ ወጺኣ። ሙኒክ፡ ወላ'ኳ ድሕሪ'ዛ ሸቶ ብመንገዲ ኢፖመንኮ ሸቶ ኣመዝጊባ እንተነበረት፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ (ኦፍ ሳይድ) ተባሂላ ብምስራዛ ግና፡ ናይ 100 ሚእታዊት ዓወት ጉዕዛኣ ተሰናኺሉ ይርከብ - ለቨርኩሰን'ውን ተመሳሳሊ። እዘን ጋንታታት፡ ብተመሳሳሊ 10 ነጥቢ ብሸቶ ተፈላልየን ለቨርኩሰን ቀዳመይቲ ሙኒክ ካልኣይቲ ተሰሪዐን ኣለዋ።




እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓሰሚ ሙኒክ ቶማስ ቱኸል፡ ነታ ብሓገዝ ቪድዮ ዳኛነት (VAR) ዝተዋህበ ፍጹም ቅላዕ ከምዘይሰማመዓሉ ብምግላጽ፡ "ህያብ ወይ ገጸ በረኸት'ያ" ኢሉዋ።

## ሮናልዶ፡ ኣብ ልዕሊ ጁቬንቱስ ክሲ ክምስርት እዩ

ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ቅድም ክለቡ ጁቬንቱስ ብዛዕባ ዘይተኸፍሎ ደሞዝ ሕጋዊ ፋይል ክኸፍት ከምዝወሰነ ጋዜጣ ደሎ ስፖርት ኣቃሊሓ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ሮናልዶ፡ ኣብ'ተን ቀዳሞት ኣዋርሕ ኮሮና ቫይረስ ዝተላበዐ እዋን ካብ'ዛ ክለብ መሃያ ካብ ምቕባል ንግዚኡ ከምዝወዝፎ/ከምዝኣናውሖ እዩ ዝገለጸ። ኣማኢያኡ ከኣ፡ እዛ ክለብ 19.9 ሚልዮን ዩሮ ድሒራ ክትከፍሎ ቃል ከምዝኣተወትሉን ሕጂ ቃላ ከይተተግበርን እዩ ሮናልዶ ዝጠልብ ዘሎ።

ጁቬ፡ ኣብ'ዚ ናይ ዕጸዋ ግዜ መሃያ ተጻወትቲ ንምኽፋል ኣዚያ ተጸጊማ ብምንባራ እዩ ዝገለጸ። ከም ወጽኢቱ ኣባላት እዛ ጋንታ ናይ ገለ ኣዋርሕ ደሞዞም ኣወዝፊዎም እዮም - እንተኾኑ ውልቃዊ ስምምዕ ገይሮም እዮም።

በዚ ድማ፡ እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ'ዚ እዋን ገንዘቡ ክእከብ ብምድላዩ እዩ እዚ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ድሕሪ ብምውሳድ፡ ኣብ ልዕሊ ጁቬ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስድ ምኽንያቱ ዝገለጸ ዘሎ። ሮናልዶ እዚ ስጉምቲ ክወስድ ምኽንያቱ ዝገለጸ ዘሎ፡ እዛ ክለብ፡ ንፖውሎ ዲባላ ሰለስተ ሚልዮን ዩሮ ዝበጽሕ ገንዘብ ክትከፍሎ ከምዝተሰማምዐት ድሕሪ ምግላጹ እዩ። ዲባላ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ'ዛ ክለብ ብምውጻእ ናብ ሮማ ምጽምባሩ ይዝከር።

ኣብ'ዚ እዋን ምስ ጀርመናዊት ክለብ ዩኒየን በርሊን ዘሎ ሊዮናርዶ ቦኑቺ፡ እዛ ጋንታን ኣሰልጣኒኣን ኣሌግሪ ካብ'ዛ ብዘይ ኣገባብ ከምዝወጽኦ ምግላጹ ይዝከር። በዚ ድማ ኣብ ልዕሊ እዛ ጋንታ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝወሰደን ንጉድኣቱ ክትኽሕሶ ከምዝሓተትን ይሕብር ብምህላው፡ ዝ 'ኣረጊት ጎርዞ' ዝበል ቅጽል ስም ዘለዋ ጋንታ ሕማም ርእሲ ኮይኑዋ ምህላው ይግለጽ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ቦርንማውዝ - ቸልሲ 4፡00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ኣርሰናል 6፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ሪያል ሶሴዳድ 10፡00 ድ.ቀ

**ሰሪ'ኣ**

ፊዮረንቲና - ኣታላንታ 7፡00 ድ.ቀ

ሮማ - ኢምፖሊ 9፡45 ድ.ቀ

## ሓጸርቲ ዜናታት


* ፈረንሳዊት ክለብ ሊዮን፡ ትማሊ ብወግዒ ኢጣልያዊ ፋብዮ ግሮሶ ሓዲሽ ኣሰልጣኒኣ ኮይኑ ከምዝተቖጸረ ኣፍሊጣ።

እዚ ናይ ቅድም ተኸላኻሊ፡ ክሳብ 30 ሰነ 2024 ንዘ ንኽልተ ዓመታት ከም ተጻዋታይ ዘገልገላ ክለብ ክመርሓ እዩ። እዚ ውዕል፡ ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዝሕዝ እዩ።

* ምስ ኣሰልጣኒኡ ኤሪክ ተን ሃግ ብዘይ ምስምማዕ ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ተኣልዩ ዘሎ ጃዶን ሳንቾ፡ ማን ዩናይትድ፡ ትማሊ ኣንጻር ብራይቶን ንምጽዋት ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ እንከሎ፡ ንሱ ኣብ መለማመዲ ሜዳኣ ንጸወታ 18 ዓመት ክዕዘብ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ኣትዩ።




ንተን ሃግ ይቕሬታ ከምዝይሓቶ ዝገለጸ ሳንቾ፡ በዛ ጋንታ ንብይኑ ክለማመድ እዩ ተወሲኑሉ። እዚ ተጻዋታይ ብሰሪ ኣብ ግዜ ልምምድ ዘርኣዮ ምንቅስቓስ ኣንጻር ኣርሰናል ከምዘይተጠቐመሉ ዝገለጸ ተን ሃግ፡ ዓርቢ ኣብ ዝበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ሳንቾ፡ ዳግማይ ነዛ ጋንታ ክጻወተላ ዲዩ? ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተቶ "ኣይፈልጥን እየ" ብምባሉ፡ መጻኢ እዚ ተጻዋታይ ኣብ ጠልጠል ምህላው ይግመት።



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ብኸላ ኣየር ምስ መንሽሮ ጡብ ምትሕሓዝ ኣለዎ ተባሂሉ

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ሓዲሽ መጽናዕቲ፡ ኣብ ልዑል ብኸላ ኣየር ዘለዎ ከባቢ ምንባር፡ ንሕማም መንሽሮ ጡብ ዘቃልዕ ምዃኑ ሓቢሩ።

እዚ ብዓይነቱ ዝሰፍሐ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ሓደ ካብ ጒኤታታት ብኸላ ኣየር ዝኾነ PM2.5ን ተኽእሎታት ምምዕባል ሕማም መንሽሮን እዩ ከሊልዩ ፈቲኑ። እተን ኣብ ልዑል ብኸላ ኣየር ዝርከባ ከባቢ ዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሕማም መንሽሮ ጡብ ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ብመጠኑ ዝለዓለ ምዃኑ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ጠቒሶም።

ጒኤታ ብኸላ ኣየር PM2.5 ካብ ተሽከርከርቲ፡ ባርዕ ሜጋ፡ ፋብሪካታት ካልእን ይትፋእ። እዚ ጒኤታ ብኸላ ኣየር ኣዝዩ ደቂቕ ስለዝኾነ፡ ብመልክዕ እስትንፋስ ናብ ውሽጢ ኣካላት ከም ዝኣቱ ይግለጽ። እቲ መጽናዕቲ ልዕሊ 500 ሽሕ ሰባት ዝሳተፉ ኮይኑ ን20 ዓመታት እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ርኽበት ከም ኣብ ልዑል ዓቐን ጒኤታ ብኸላ ኣየር PM2.5 ዘለዎ ከባቢ ዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ'ተን ኣብ ውሑስ ከባቢታት ዝነብራ፡ መንሽሮ ጡብ ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎታት ብ8 ሚእታዊት ዝለዓለ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

እቶም ተመራመርቲ ዋላ'ኳ ምትእስሳር ብኸላ ኣየርን ሕማም መንሽሮ ጡብን ብዝርዝር ክገልጽዎ እንተዘይከኣሉ፡ ብኸላ ኣየር ኣብ ስርዓት ውሽጡኣዊ ፍልሓት (endocrine system) ብዘፈጥሮ ምዝንባዕ ዝምዕብል ሕማም ክኸውን ከም ዝኽእል ግን፡ ሞያዊ ግምታቶም ሂቦም ኣለው። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብኸላ ኣየር ዕምሪ ወዲ-ሰብ እናኣሕጸረ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር። ተኽእሎታት ምምዕባል ሕዱር ሕማማት ደማ ሓደ ክፋል ናይ'ዚ ምሕጻር ዕድመ ኮይኑ፡ ብፍላይ ዜጋታት ምዕቡላት ሃገራት በዚ ኩነት ኣብ ምሰቓይ እዮም ዝርከቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዞባ እዚ ኣርእስቲ ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ፡ እቲ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ ዓቐን ብኸላ ኣየር



ኣብ ልዕሊ ነብሰ-ተን ዘኸትሎ ደረጃታት ምምዕባል ሕማም መንሽሮ ንምልላይ፡ ቀጻሊ ምርምር ክካየዱ ምዃኖም እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም።

## ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዘመን፡ ልዕሊ ፍርቂ ቋንቋታት ዓለም ክጸንቱ ምዃኖም ተሓቢሩ

ባህልን ታሪኽን ሕብረተ-ሰባት ብዘዘውትርዎ ኣኩዳድና፡ ዓይነታት መግቢ፡ ኣሰራርሓ ህንጻታት፡ ቋንቋን ብሓፈሻ ብዘለዎም ቅዲ ኣነባብራ ይግለጽ። ቋንቋ ከኣ እቲ ዝዓበየ መለለዪ ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ እዩ። ኣብ ምውዳእ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዘመን፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ዞም ዘለዉ ቋንቋታት ክጸንቱ ከም ዝኽእሉ ክኢላታት ስነ-ቋንቋ ሓቢሮም ኣለው።

ምጥፋእ ቋንቋ ንምጥፋእ ቃላትን ኣደማምጻን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምጥፋእ ሓደ ክፋል ባህሊ ሕብረተ-ሰብ ዘመልክት እዩ። ኣብ ዓለም 5 ሽሕ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከም ዝዝረቡ ዝሕበር። ኣብ ሓደ 'ምዕቃብ ቋንቋታት' ኣመልኪቱ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ 3 ቢልዮን ህዝቢ ማለት ፍርቂ ካብ ህዝቢ ዓለም፡ 20 ቋንቋታት ጥራይ ከም ቋንቋ ኣደኦም ዝጥቀም ምዃኑ ተሓቢሩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ዓለም ካብ ዝዝረቡ ቋንቋታት 4,980 ቋንቋታት ኣብ ሓደጋ ምጽናት ኣእትዩዎም ከም ዘሎ የመልክት።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብ ምምዕባል ዘለዋ ሃገራት ብዙሓት ቋንቋታት ጠፊኦም ደርከቡ። ክኢላታት ስነ-ቋንቋ፡ ንታሪኽ ናይ'ዚ ዝጸንተ ቋንቋታት ኣመልኪቶም፡ ሰለስተ ዓበይቲ ምኽንያታት ጠቒሶምልና ደርከቡ። እቲ ቀዳማይ፡ መግዛእቲ ባዕዳውያን ሓይልታት እዩ። እዚ ብፍላይ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን ኣመሪካን ዝበረ መግዛእቲ፡ ንብዙሓት መበቆላውያን ቋንቋታት ከቢድ ክብሪ ገይሩ እዩ። እዞም ግዝኣት ሓይልታት፡ ግዝኣታቶምን ጽልዋኦምን ንምስፍሕፋሕ፡ ቋንቋኦምን ባህሎምን ብህዝቢ እተን ግዙኣት ሃገራት ክረዓም የገድዱ ነይሮም። ምስ ግዜ ድማ፡ ምጥፋእ ቋንቋ ደቀቡት ዝተፈላለያ ሃገራት ከም ዝኸሰበ እዩም ዝገልጹ።

ቋንቋ ብመልክዕ ጽሑፍ ዘይምስፋር ከኣ ከም ካልኣይ ምኽንያት ኮይኑ ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ተጠቒሱ ኣሎ። ጽሑፍ፡ ንሓደ ሃገር ከይተወሰኽን ከይጎደለን መበቆላውነቱ ዓቂቡ ንዝዊሕ እዋን ከምዝጸንሕ ዝገብር ሜላ እዩ። መብዝሕትኦም ዝጸንቱ ቋንቋታት፡ ብኣፋዊ ታሪኽ ጥራይ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉ ስለዝጸንሑ፡ ኣብ መንጎ ቅርጾም ክልወጡን መበቆላውነቶም ከጥፍኡን ተገዲዶም እዮም። እዚ ከኣ ካብቲ ቀንዲ ጠንቂ ምጥፋእ ቋንቋታትን ባህሊን ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባት ምዃኑ ተጠቒሱ ኣሎ።

እቲ ሳልሳይ ምኽንያት፡ ዘለናዮ ዘመን ዓወለማ ብምዃኑ እዩ። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ሓያላን ሃገራት ብዘለወን ዓብላልነት ቴክኖሎጂ ተጠቒመን ቋንቋአን ኣብ ምስፍሕፋሕ ደርከቡ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ምስ'ዚ ዘሎ ምዕባለ ንምስጓምን ዕድላት ሸቐለት ንምርካብን ቋንቋአን ከም ካልኣይ ወይ'ውን ሳልሳይ ቋንቋ ክመልክዎ ተገዲዶም ኣለው። እዚ ድማ ነተን ውሑዳት ተዛረብቲ ዘለወን ቋንቋታት፡ ክጸንታ ኣገዲዱወን ኣሎ።

እቶም ተመራመርቲ ቀጺሎም፡ ዝያ ጠፊኦምን ኣብ ሓደጋ ዘለዉን ቋንቋታት ዝዕቀበሉ ክልተ ሜላታት ኣቕሪቦም ኣለው፦

ቀዳማይ ሜላ፡ ንዝኾነ ዓይነት ቋንቋ-ኣደ ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ምትእትታው እዩ። እዚ ነቲ ዝዓቢ ዘሎ ወለዶ ትሕዝቶ ሃብታም ቋንቋኡን ባህሉን ብምፍላጥ ክፈልጥ ይሕግዞ።

ካልኣይ ሜላ፡ ምስ'ዚ ዘሎ ምዕባለ ዝኸይድ ኮይኑ፡ ነቲ ክዕቀብ ተደልዩ ዘሎ ቋንቋ ብመልክዕ ኣፕሊኬሽናት ኣብ ሞባይላትን ላፕቶፓትን ምጽዓን እዩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ክኢላታት፡ ምጥፋእ ሓደ ቋንቋ ብሰንኪ ምዕባለ ዝሰዓበ ከም ዝኾነ እዮም ዝገልጹ። ምዕባለ ዘይተርፍ መስርሕ ሂወት እኳ እንተኾነ፡ ንቋንቋ ኣደናን ባህልናን ብዘጥፍእ መልክዑ ክንክተሎ ከም ዘይብልና ምኒዶም።



## ዝተናውሐ ሰዓታት ኮፍ ምባል ንሕማም ረሲዕ የቃልዕ

ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ መዓልታዊ ልዕሊ 10 ሰዓታት ኮፍ ዝብሉ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት ዝያዳ ካልኦት ንሕማም ረሲዕ ዝተቓልዑ ምዃኖም ኣሕጺሩ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ 50 ሽሕ ሰባት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ኣብ ኣድ ዝኣሰር መቈጻጸሪ መስርሒ ብምውዳይ እዩ ድማ ተሰላሲሉ። ኣብ'ቲ መስርሕ፡ ሕማም ረሲዕ ክሰዕቡ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ ረቛሒታት ኣብ ግምት ምእታዎም ይገለጽ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ብዘይዝኾነ ስራሕ ዝጠዝሐ ግዜኦም ኮፍ ኢሎም ዘሕልፍዎ ልዕሊ 60 ዓመት ዝዕድመኦም ዓበይቲ ሰባት፡ ብመንጽር እቲ ኮፍ ዝበልዎ ንውሓት ሰዓታት፡ ሕማም ረሲዕ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ እውን ዝዓበየ ምዃኑ ሓቢሮም። ንኣብነት፡ ሕማም ረሲዕ ኣብ'ቶም ንልዕሊ 10 ሰዓታት ኮፍ ዝበሉ ሰባት እምበር ኣብ'ቶም ትሕቲኡ ሰዓታት ኮፍ ዝበሉ ሰባት ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይረኸብሉ ድማ የጽንዑ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ንነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምስ እትብል ኣብ ነፍሲ ወከፍ 30 ደቓይቕ ተንሲእካ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ ጠቓሚ ምዃኑ እዩ ክሕበር ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ሓዲሽ መጽናዕቲ ግን ንልዕሊ 10 ሰዓታት እናኾላለፍካ ይኹን ከይተኻለፍካ ኮፍ ምባል፡ ኣብ ሓንጎል ዓበይቲ ሰባት ተመሳሳሊ ጉድኣት ከም ዘለዎ ይገልጽ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ልዕሊ 60 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት፡ ንልዕሊ 10 ሰዓታት ተለቪዥን ምስ ዝዕዘቡ ወይ'ውን ብዘይዝኾነ ስራሕ ሰቓ ኢሎም ኮፍ ምስ ዝብሉ፡ ዚ ሕማም ኣእምሮ ዝተቓልዑ ምዃኖም ኣብሪሆም። እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ንውሓት ሰዓታት ሓንጎሎም ኣብ ዘንቀሳቕስ ንጥፈታት ከም ምንባብ መጽሓፍን ኣብ ዝተፈላለዩ ኮፍ ኢልካ ዝዕመሙ ስርሓትን ምስ ዝጽመዱ ግን ካብ'ዚ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ክድሕኑ ከም ዝኽእሉ ኣረጋጊጾም።

ብፍላይ ካብ 60 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዝርከቡ ሰባት፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ዝበርም ንጡፍ ሂወት እናተሓተተ ስለዝኸይድ፡ ኣብ ኮፍ ከየድሃቡ ኣካላቶምን ኣእምሮኦምን ክሃንጹ ኣብ ዝኽእሉ ንጥፈታት ክጥመዱ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ መኺሮም።



## "ህሩድ ንጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ይፍውስ" ተመራመርቲ

ተመራመርቲ ብሪጣንያ ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ ህሩድ ዝርከብ 'ኩርኩሚን' ዝበሃል ጒኤታ፡ ኣብ ምፍዋስ ምሕቃቕ መግቢ ሚዕረ እቲ 'ኦሜፕራዞል' ዝበሃል መድሃኒት ኣበርክቶ ከም ዘዘዋብሉ ሓቢሮም።

ኣብ ህሩድ ዝርከብ ጒኤታ 'ኩርኩሚን' ጒኤታታት ጸረ-ነድርን ጸረ-ባክተርያን ከም ዘለዎ ይሕበር። ካብ ነዊሕ እዋን፡ ህሩድ ኣብ ሃገራት ኤስያ ከም ባህላዊ መድሃኒት ኮይኑ ኣብ ምፍዋስ ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ክውዕል ጸኒሑ እዩ። ኣድማዕነት ህሩድ ኣብ ምፍዋስ ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ንምፍላጥ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ እውን፡ ሚዕረ መድሃኒት 'ኦሜፕራዞል' ኣድማዕነት ከም ዝተረኽቦ ይገልጽ ኣሎ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ዘለዎም፡ ካብ ዕድመ 18 ክሳብ 70 ዓመት ዝዕድመኦም ልዕሊ 200 ሰባት እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ንከባቢ ክልተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ብሪቲሽ ዝተሰየ መጽናዕቲ ከም ህሩድ ልክዕ ከም መድሃኒት 'ኦሜፕራዞል' ንኹሉ ካብ'ቶም ምልክታት ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ኣብ ሓጺር ግዜ ክፍውስ ከም ዝኸኣለ ተሓቢሩ።

እቶም ህሩድ ከም መድሃኒት ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ዝወሰዱ ዝነበሩ ሰባት፡ ብዘይካ እቲ ስጉድጉድ ዝብል ጨናን ደስ ዘይብል ጣዕምን ህሩድ ኣብ ጥዕንኦም ጸቡቕ ለውጢ ከምዝምጽኣሎም ገሊጾም። እንተኾነ፡ እቶም ተመራመርቲ ምንቅልቃል ንጥፈታት ጸላም ከብዲ ኣብ'ቶም ህሩድ ከም መድሃኒት ዝጥቀሙ ዝበሩ ሰባት ከም ዝዘዓዘቡ ኣይሓብኡን።

መድሃኒት 'ኦሜፕራዞል' ኣብ ምፍዋስ ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ማለት ከም እኽሊ ክይበለዐ ግን ናይ ምጽጋብ ስምዒታት ምህላው፡ ዘይብለዐ ክሳሻ ግን ከኣ ዘይምጥጣይ፡ ናይ ምቅጻል ስምዒት ኣብ ከስዐን ሻምብቆ መግብን ይውዕል። እዚ ኣብ ምውጋድ ናይቲ ኣብ ከስዐ ዝፍጠር ልዕሊ ዓቐን ኣሲድ ዝጥፍ መድሃኒት፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ጸገማት ከም ሕጽረት ማዕድናት ኣብ ኣካላት፡ ምልዓል ተኽእሎታት መንቃዕቲ ዓጽምን ወሽጣዊ ረኽስን ከምዘስዕብ ተመራመርቲ ይሕብሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምፍዋስ ጸገማት ምሕቃቕ መግቢ ዝጥፍኡ ክኢላታት ጥዕና፡ ብዘይንዳእ መንገዲ ንህሩድ ከም ሓደ ኣገባብ ፍወሳታቶም ከተኣታትውዎ መኺሮም።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓደሽ ዘመን<br>ፋርማሲ ማይ ተመናይ<br>ፋርማሲ ካተድራል | 17/09/2023 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223 ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትረስተለ<br>ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤት-ክርስትያን ኣቡኑኣረጋዊ<br>ጎደና ድጎል 171 - 65 ከባቢ ኣልፈርሞ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 122798<br>08370134<br>127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565